
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.131 | ሰሉስ 31 ጥሪ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ምጽባብ ሻምብቆ 'ኣርተሪ' - Atherosclerosis



ገጽ 3
ጦብላሕታዊ ገምጋም መጽሓፍ 'መግዛእቲ ሲኖራ'






ገጽ 4
ርእናካ - መንደላይ - ኣርሓ - ኩሪዕ - ኤርትራዊ





ገጽ 5
ተራ ወለዲ ኣብ ዕብየት ህጻናትን ቅድመ ትምህርቲን





ገጽ 7
ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ድሙቕ ዓወት የመዝግቡ




## ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብዕቱብ ክሰራሓሉ የዘኻኽር



ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብ26ን 27ን ጥሪ - ኣብ ኣስመራ ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ኣካይዱ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብ መሬት ሕርሻን ካብኡ ወጻኢ ኣብ መጋሆጺታትን ገማግም ሩባታትን ልዕሊ 50 ሽሕ ሄክታር ዝሸፈነ ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ንጥፈታት ከምዝተኻየዱ፡ እዚ ግን ምስቲ ዝበረ መደብ ክነጻጸር እንከሎ ኣዝዩ ትሑት ምኻኑ ተገሊጹ።

ካብቲ ክሕረስ ዝተመደበ ኣስታት 512 ሽሕ ሄክታር፡ ልዕሊ 96 ሚእታዊት ከም እተሓረሰ፡ እቶት ኣእካል ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብምንጽጻር - ብኣስታት 9 ሚእታዊት እኳ እንተወሰኸ፡ ካብ ሓደ ሄክታር ክርከብ ኣብ ዝግባእ ግና ሓያል ጸገም ደጋጊሙ ከምዝሎ ተገምጊሙ።

ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ልዕሊ 22 ሽሕ ሄክታር ኣሕምልቲ፡ ልዕሊ 4,600 ሄክታር ፍረታት ከምዝለምዐ ክሕበር እንከሎ፡ ብዘይካቲ ኣብ ወሰኑ ወቕቲ ብሰንኪ ዋሕዲ ዝናብ ኣዝመራ ዝበረ ዋሕዲ ቀረብ ወሰናት ዓይነታት ኣሕምልቲ፡ ምሉእ ዓመት እኹል ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን ከምዝበረ ተገሊጹ።

ኣብ ሃብቲ እንስሳ፡ ዘመናዊ ሜላ ምድቓል እንስሳ ወጽኢት ክህብ ከምዝጀመረ፡ ቀጻሪ ናይ ጻባ ከብቲ ብ11 ሚእታዊት ከምዝዓበየ፡ ኣብ ልምዓት ቀጠልያ መግቢ እንስሳ መጠናዊ ምንኳይ ከምዝተራእየ በሪሁ።

ኣብ መዳይ ጥዕና እንስሳ፡ ኣብ ወሰኑ ከባቢታት ዋሕዲ ክታበትን መድሃኒትን ምንባሩ ክጥቀስ እንከሎ፡ ኣብ መጻኢ ብኢጋ ክእረም ማዘኻኸሪ ቀሪቡ። ብኣጠቓላሊ ከኣ ኣስታት 1.1 ሚልዮን ጥሪትን ደርሁን ክኽተባ እንከለዋ፡ ልዕሊ 383 ሽሕ ጥሪት ሕክምና ረኺበን።

ኣብ መዳይ ሳንምቲ ባልዓት፡ ኣብ ግራት ሓረስቶት ንዘርእዩ ባልዓትን ሕማማትን ንምክልኻል፡ ቀመማዊ ኣገባብ ምክልኻል ብባህርያዊ ኣገባብት ንምትካኡ ይሰራሕ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምጥቃም ምሩጽ ኣዝርእቲ፡ ዝርጋሐ ጋብላዊ ቆፎ፡ ምደባ ክኢላታት ሕርሻ ናብ ደረጃ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ምስፋሕ ቤት-ትምህርቲ ሓረስቶት፡ ምትብባዕ ግብራዊ ፈተነታት. . . ብዕቱብ ክስራሓሉም ኣዘኻኺሩ።

## ዓንሰባ - ሞት ኣደን ዕሸልን ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ንምውራድ ይስራሓሉ

ሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑርሑሴን፡ ሞት ኣደን ዕሸልን ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ንምውራድ ብወህደት ክሰርሕ፡ ኩሉ ኣካል ሞያዊ ኣበርክቶኡ ክሀዝዘን - ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ዓንሰባ ኣብ ዝገበሮ ገምጋም ጸዊዓ።

ኣብቲ ብ19ን 20ን ጥሪ ኣብ ከረን ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ኣብ 2022 ኣብቲ ዞባ ኣብ ምስፋሕ ኣገልግሎት ጥዕናን ምሕጣቅ ዘመናዊ ናውቲ ሕክምናን፡ ዘተባብዕ ስራሕ ከምዝተሰላሰለ ተገሊጹ።

መዲካል ዳይረክተር ዶ/ር ሄኖክ ጸጋዮ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ተርእዮ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት እኳ እንተዛየደ፡ ኣፍልጦ ህዝቢ ብምብራኹ ግን ኩነታቶም ክፈልጡ ናይ ዝመላለሱ ዜጋታት ቁጽሪ ክብ ከምዝበለ ኣብሪሁ።

ኣብ ክሽበን ቀዳምን ድሕሪን ሕርሲ፡ መደብ ክታበት፡ ምቁጽጻር ዓሶን ቲቢን፡ ቅኑዕ ኣጠቓቕማ መድሃኒት፡ ናይ ኣእምሮ ሕማማት፡ ሽኮርያን ሕክምና ዓይኒን እውን ብኣድነህ ከምእተሰርሐ ኣረዲኡ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ኣገልግሎታት ንምምሕያል ዝሕግዝ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ዝወጽኡ መደባት ንምዕዋት፡ ብወገን ምምሕዳር ዞባ ኣድላዪ ደገፍ ክግበር ምኻኑ ኣረጋጊጹ።

## ኣብ ሆስፒታል ጊንዳዕ፡ 250 ዜጋታት መብጣሕቲ ዓይኒ ተገይሩሎም

ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ምስ ክኢላታት መብጣሕቲ ዓይኒ ብምትሕብባር፡ ካብ 10 ክሳብ 18 ጥሪ መርመራታት ድሕሪ ምግባር፡ ን250 ዜጋታት ኣብ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ጊንዳዕ ዕወት መብጣሕቲ ኣካይዱ።

እቲ ዝተኻየደ ወፍሪ፡ መብጣሕቲ ጁጁሚ ዓይኒ፡ ጉልበት ዓይኒ፡ ግላኮማን ጸዋ ረቲናን ዝጠቓለለ ምንባሩ፡ ክኢላታት መብጣሕቲ ዓይኒ ዶ/ር ኣድሓኖም ረድኤን ዶ/ር እዮብ በየነን ሓቢሮም።

እቶም ሰብሞያ፡ ጸገማት ዓይኒ ብኩነታት ክሊማ ክጸሉ ተኽእሎ ስለዘሎ፡ ዜጋታት ምስ ክሊማ ዝሰማማዕ መጽር ክወድዩ መኺሮም።

ጠንቅታት ዐረት ንምልላዩ፡ ኣብ ወርሒ ኑሓሰ 2022 ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ዝተኻየደ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ፡ ምስ ምብራኽ ንቕሓት ዜጋታት ኣብ ሕክምና ዓይኒ፡ ኣብ ኣፍልጦ ናይቲ ወፍሪ ሓጊዙ ምንባሩ እውን ገሊጾም።

ሜዲካል ዳይረክተር ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ጊንዳዕ ዶ/ር ሳሙኤል ወልደዝጊእል፡ ኣብቲ ሆስፒታል ኣገልግሎት ሕክምና ዓይኒ ስለዘወሃብ፡ ጸገማት ዓይኒ ዘጋጥሞም ዜጋታት፡ ተቐላጢፎም ክመጹኡ ኣዘኻኺሩ።

ኣብቲ ወፍሪ ዝሰተፉ ዘሎ ጉጅለ ሓኪይም፡ 10 ክኢላታት ዝሓዘ እዩ።

## ኤርትራ፡ ኣብ 'ኣህጉራዊ ምርኢት መጻሕፍቲ-ካይሮ' ትሳተፍ ኣላ

ኤርትራ፡ ብ25 ጥሪ ኣብ ዝተኸፍተ መበል 54 'ኣህጉራዊ ምርኢት መጽሓፍቲ - ካይሮ' ትሳተፍ ኣላ።

ኣብቲ ብቐዳማይ ሚኒስተር ዶ/ር ሙስጠፋ ማደብሊን ሚኒስተር ባህሊ ዶ/ር ኒቨን ኣልኪላኒን ዝተኸፍተ መደብ፡ ኤርትራ ብመንገዲ ኤምባሰኣን ማሕበረ-ኮምን እያ ተሳቲፋ።

ኣብቲ ኣህጉራዊ ምርኢት፡ ንታሪኽን ጃኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ኤርትራ፣ ባህላውን ባህሪያውን ጸጋታታን ብዙሕነታ፣ ከምኡ'ውን ንቱሪዝማዊ ሰሓቢነታ ዝገልጽ መጽሓፍቲ ደማ ቀሪቡ ኣሎ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ግብጺ ኣቶ ፋሲል ገብረስላሴ፡ ኣብቲ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት ተረኺቡ - ንኣዕለምቲ ኣጋይሽ ናይ'ቲ ምርኢት መብርሂ ሂቡ።

መበል 54 'ኣህጉራዊ ምርኢት መጽሓፍቲ-ካይሮ'፡ ክሳብ 6 ለካቲት ክቕጽል ምኻኑ ተፈሊጡ።





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምጽባብ ሻምብቆ 'ኣርተሪ' - Atherosclerosis

ምጽባብ ደም ዝቘጻጸር ሻምብቆ ኣርተሪ - 'ኣተሮስክለሮሲስ' (Atherosclerosis) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ኣርተሪ ብኣክስጅን ዝሃብተመ ደም፡ ካብ ልቢ ናብ ኣካል ንምዝዋር ልዑል ሓላፍነት ዘለዎ ኣገዳሲ ክፋል ሻምብቆ ደም እዩ። ኣርተሪ ጥዑይን ንቡርን ኣሎ ክንብል እንተኾይና ተረር፡ ተዓጻጻፍን ተመጣጣኒን ጠባዩ እዩ ክህልዎ ዝግባእ። ብኣንጻሩ፡ ቀጻሊ ዝጽብበን ዝተበሰን ኣርተሪ ድማ፡ ን'ኣተሮስክለሮሲስ' (atherosclerosis) የቃልዕ።

ዕድመ እናደፍአና ክኸይድ እንከሎ - ስብሒ፡ ኮሌስትሮልን ካልሽየምን ተኣኪቦም ኣብ መናድቕ ኣርተሪ ተለጢፎ ተወሲኾ ቀጻሊ ስለዝፈጥሩ፡ እቲ ሻምብቆ ይጸብብ። እዚ፡ እቲ ደም ብቐሊሉ ከይውሕዝ ይዕንቀፍ።


እዚ ተደራቢ ቀጻሊ'ዚ ናብ ልቢ ቀረባ ኣብ ዘሎ ሻምብቆ ኣርተሪ ክምኡ'ውን ኣብ እግሪ፡ ሓንጎል፡ ኩሊትን ካልእ ክፋሊ ኣካላትናን ኣብ ዝርከብ ሻምብቆ ኣርተሪ ክፍጠር ይኽእል እዩ።

ከም ሳዕቤኑ ናብ ዝተፈላለዩ ኣካላትን ቱኽታታትን ሰብነትና ናይ ዝበጽሕ ዓቐን ደም፡ ኦክስጅንን መኣዝንን ይውሕድ። እቲ ተደራቢ ቀጻሊ ኣብ ሻምብቆ ደም ኣርተሪ ደም ከምዝረጋእ'ውን ይገብር እዩ። ጠንቂ መጥቃዕቲ ልቢ፡ ወቕዒን ድኻም ልብን'ውን ይኸውን።

'ኣተሮስክለሮሲስ' ንሻምብቆታት ደምና ኣቓሚጦም ኣብ ልዕሊ ዝርከቡ 'ኢንዶተሊያል' (endothelial) ኣብ ዝተባህሉ ዋህዮታት ብዘወርድ መጉዳእቲ ይኸሰት። እዞም ዋህዮታት እዚኣቶም፡ ኑቲ ብሻምብቆ ደም ዝውሕዝ ማጠን ደም ኣብ ምቍጽጻር ይተግኡ። እቶም ካልኦት ን'ኣተሮስክለሮሲስ' ዘቃልዑ ረቛሒታት - ዋሕዲ ምውሳዋስ ኣካላት፡ ምኽሳብን ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናንን እዮም።

ብዝተፈላለዩ ሕማማት ተደጋጋሚ ናይ ምቅጻል፡ ቀሓር. . . ዝኣመሰሉ ስምዒታት ዘለዎምን ረኸሲ ብተደጋጋሚ ዘጥቅዖምን ሰባት'ውን ዝኢ ጸገም'ዚ ዝተቓልዑ እዮም። ኣብ ሻምብቆ ደም ዝተኸዘነ ኮሌስትሮል ወይ ስብሒ ምህላው፡ ጠንቂ ናይ'ዚ ጥዕናዊ ጸገም ምኻኑ እዩ ዝግለጽ።

'ኣተሮስክለሮሲስ'፡ ብዋሕዲ ዝተፈላለዩ መኣዛታት መግቢ'ውን ይኸሰት እዩ። ንኣብነት ብዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ'፡ ብምረት (antioxidation) ከምኡ'ውን ብቓጸሎ (inflammation) ሻምብቆ ደም ዝፍጠር ጸቕጢ፡ ኣብ ጥዕና ኣርተሪ ልዑል ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ስለ'ዚ፡ ጥዕና ሻምብቆ ኣርተሪ ምሕላው ካብ 'ኣተሮስክለሮሲስ'፡ ብሓፈሻኡ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ጸገማት ልቢ ክንከላኸል ንኽእል።




### ምልክታት 'ኣተሮስክለሮሲስ'

ሻምብቆ ኣርተሪ ክሳብ ዝጸብን ኣዝዩ ክሳብ ዝጨናነቕን፡ ምልክታት 'ኣተሮስክለሮሲስ' ምሉእ ብምሉእ ኣይግሀድን እዩ። እቶም ልሙዳት ምልክታት፦

* ቃንዛ ኣፍ-ልቢ ከምኡ'ውን ሕንቆ-ልቢ (ምጉዳል ናብ ልቢ ዝውሕዝ ኦክስጅን)፡

* ቃንዛ መሓውር፡ ኣእዳውን ካልእ ክፋል ኣካላትን፡

* ምሽምቓቕ ጭዋዳን ቃንዛን ብፍላይ ኣብ ገዓዝ፡

* ሕጽረት እስትንፋስ፡

* ምስልካይ፡

* ምስሓት ኣደዛዝባ ምስትብሃልን ወዘተ እዮም።

'ኣተሮስክለሮሲስ' ቀልጢፉ ክፍወስ እንተዘይክኢሉ፡ መጥቃዕቲ ልብን ወቕዕን ስለዘስዕብ ምልክታቱ ምስ ክልቲኦም ምምስሳል ከም ዘለዎ እውን ምስትብሃል የድሊ።

ምልክታት መጥቃዕቲ ልቢ

* ቃንዛ ኣፍ-ልቢ፡

* ቃንዛ መንኩብ፡ ዓንዲ ሕቖ፡ ክሳድ፡ መሓውርን መንጋጋን፡

* ቃንዛ ከስዐ፡

* ሕጽረት እስትንፋስ፡

* ተደጋጋሚ ረሃጽ፡

* ዕግርግርን ተምላስን. . . ወዘተ የጠቓልል።

### ምልክታት ወቕዒ፦

* ኣብ ገጽን መሓውርን ብፍሉይ ዝርኣ ድኻምን ምድንዛዝን፡

* ክትዛረብ ምጽጋም፡

* ዝተባህለካ ብዝግባእ ክትርድኦ ዘይምኽኣል፡

* ነገራት ብዝግባእ ክትርኢ ዘይምኽኣል፡

* ምስሓት ሚዛን ሰብነት፡

* ሃንደበት ዝመጽእ ሕማም ርእሲ። . . ወዘተ የጠቓልል።

ኣስተብህል! መጥቃዕቲ ልብን ወቕዕን ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ዘድልዮም ጸገማት ጥዕና እዮም።

### ጠንቅታት 'ኣተሮስክለሮሲስ'

ልዑል ዓቐን ኮሌስትሮል

ኮሌስትሮል፡ ሰምዒ መሰል (waxy) ብጫ ዝሕብሩ ወህደት/ሳብስታንስ እዩ። ብተፈጥሮ ኣብ ሰብነትናን ኣብ ገለ ካብቶም እንወስዶም መግብታትን ይርከብ።

ኣብ ኣካላትና ብሓፈሻ ኣብ ደምና ድማ ብፍላይ ዝህሉ ዓቐን ኮሌስትሮል ምስ ዝዛይድ፡ ኣብ ሻምብቆ ኣርተሪ ቀጻሊ ብምፍጣር ደም ብዝግባእ ንኸይውሕዝ ይዕንቀፍ።

### ኣመጋግባ

ጥዕናና ንምሕላው ኣብ ኣመጋግባና ጥንቁቓት ክንከውን እዩ ዝግባእ። ካብ 'ኣተሮስክለሮሲስ' ንምክልኻል ኣሕምልትን ጥረታትን ከዘውትር ዝበለጸ እዩ። ብኣንጻሩ ብዘዝሒ ቅብኣት፡ ሽኮራውን ጨውን ዝበዝሖም መግብታትን ክንወስድ ከም ዘይብልና ይምከር።

=> ኣብ መዓልቲ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ 6 ማንካ ሻሂ ወይ 100 ካሎሪ ሽኮር፡ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ ካብ 9 ማንካ ሻሂ ወይ 150 ካሎሪ ሽኮር ዝየዳ ክወስዱ ከም ዘይብሎም ይምከር።

=> ኣብ መዓልቲ ክንወስዶ ዝግበኣና ዓቐን ጨው፡ ካብ 2,300 ሚሊ. ግራም ክዛይድ የብሉን።

=> መዓልታዊ ካብ እንወስዶ መግቢ፡ ዓቐን ናይ ንወስዶ ስብሒ (fat) ካብ 5 ወይ 6 ሚእታዊት ዝዛይድ ክኸውን የብሉን።

### ዕድመ

ዕድመ እናወሰኽና/እናሸምገልና ብዝኸድና፡ ሻምብቆታት ደምና ከምቲ ዝድለ ተዓጻጻፍቲ ስለዘይኮኑ፡ ብዝግባእ ደም ኣይጭምቑዎን ኣይቕበሉን እዮም።

### 'ኣተሮስክለሮሲስ' ብኸመይ ንፍወሶ?

ኣብ ኣመጋግባና ግቡእ ምክትታል ምግባር፡ ኣብ ኣካላትና ዘሎ ዓቐን ኮሌስትሮል ንምጉዳል ዝሕግዝ ኣገባብ ምኽታል፡ ልብን ሻምብቆታት ደምን ንምምሕያሽ ዝሕግዝ ምውሳዋስ ኣካላት ምኽያድ፡ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ ፍወሳ ምርካብ - ገለ ካብቶም 'ኣተሮስክለሮሲስ' ንምፍዋስ ዝሕግዙ ኣገባባት እዮም።

### ን'ኣተሮስክለሮሲስ ተኣፋፊ መን እዩ?

### ብ'ኣተሮስክለሮሲስ ዝያዳ ክጥቃዕ ዝኽእል፦

ምውሳዋስ ኣካላት ዘየዘውትር፡

ልዑል ጸቕጢ ደም ዘለዎ፡

ሕማም ሽኮር ዘለዎ፡

ኣትካኺ ሽጋራ እቶም ቀንዲ እዮም።

### ብኸመይ ኢና ጥዕና ኣርተሪ ንሕሉ?

ሓደ ካብኡ ኣመጋግባና እዩ። ንጥዕና ሻምብቆታት ልቢ ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ ብሳይንሳዊ ምርምራት ዝተደገፉ ሓያሎ መግብታት ከም ዘለዉ ክኢላታት ይሰማምዑ። ገለ ካብኦም፦

### እንጣጠዕ

እንጣጠዕ - ንጥዕና ልቢ ኣገዳሲ መግቢ እዩ። ልዑል ጽሕጊ ዘለዎ ዓይነት ጥረታት ብምዃኑ፡ ካብ ምጽባብን ምዕባስን ሻምብቆ ኣርተሪ ይከላኸል። ሓያል ምንጪ 'ኦሚጋ-3' ዝተባህለ መኣዛዊ መግቢ ድማ እዩ። እዚ ካብ ነድርን ቁጥዐን ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣለዎ። ጸቕጢ ደም የጉድል።

### ጻዕዳ ሽጉርቲ

ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ካብ ምጽባብን ምዕባስን ኣርተሪ ኣብ ምክልኻል ልዑል እጃም ኣለዎ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ይከላኸል። ጸቕጢ ደም'ውን የጉድል። ብ'ኣተሮስክለሮሲስ ክንጥቃዕ ንዘለና ተኽእሎታት የጽብብ።

### ስምዘም

ስምዘም፡ ኣብ ሻምብቆታት ደም ተደራቢ ቀጻሊታት ንኸይፍጠር ንምክልኻል ዝሕግዝ መኣዛ ኣለዎ። ዝኢ ንምርግጋጽ ሓያሎ ሕክምናዊ መጽናዕትታት ተኻዪደም እዮም። ኣብ 2006 'ጆርናል ኦፍ መዲሲናል ፉድ' ኣብ ዝተባህለ መጽሄት ዝወጽአ ሕክምናዊ መጽናዕቲ ከም ዘመልከቶ፡ ኣብ ዘይቲ ስምዘም ዝርከብ ስቡሓዊ ኣሲድ፡ ኣብ ሻምብቆታት ደም ክንደቐ ዝኽእሉ ኮሌስትሮልን ስብሕን ኣብ ምጥፋእ ከምኡ'ውን ን'ኣተሮስክለሮሲስ ዘቃልዑና ጠንቅታት ኣብ ምእላይን ይጠቅም።

### ዝንጅብል

ዝንጅብል ካብ ምረት (antioxidation) ከምኡ'ውን ካብ ምቅጻል (inflammation) ኣብ ምክልኻል ዝጠቅም ወጽኢታዊ ቀመም እዩ። በዚ፡ ኣብ መናድቕ ኣርተሪ ክህልዉ ንዘኽእሉ ስብሕን ኮሌስትሮልን ኣብ ምጥፋእ ልዑል ተራ ይጻወት።

### ለሚን

ወትሩ ንግሆ ኣብ እትወስዶ ማይ፡ ጸማቝ ለሚን ምሕዋስ ብፍላይ ንጥዕና ልብኻ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ክኢላታት የመልክቱ። ለሚን ኣብ ደም ክህሉ ንዝኽእል ማጠን ኮሌስትሮል ኣብ ምጉዳል ብቑዓምነት እዩ ዝጥቀስ። ሻምብቆታት ደም ናይ ምረት መጉዳእቲ ከየጋጥሞም ኣብ ምክልኻል፡ ልዑል እጃም ይጻወት።

ለሚን፡ ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ሲ' ስለ ዘለዎ ሻምብቆታት ደም ኣብ ምትራርን ማጠን ኮሌስትሮልን ስብሕን ኣብ ምጉዳልን ሓጋዚ እዩ።

### ህሩድ

ህሩድ፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ኣብ መላእ ዓለም ከም መመቀሪ መግብን መድሃኒትን ከገልግል ዝጸንሐ ቀመም እዩ። እዚ ቀመም'ዚ ንጥዕና ልብን ሻምብቆታት ደምን ሓጋዚ ምዃኑ ብሓያሎ ሳይንሳዊ ምርምራት ክረጋገጽ ተኻኢሉ ኣሎ።

### ገዕበርበረ

ገዕበርበረ፡ ዘይተደልየ ስብሒ ንምቅጻል ከምኡ'ውን ኣብ መናድቕ ሻምብቆታት ደም ክፍጠሩ ንዝኽእሉ ተደረብቲ ቀጻሊታት ኣብ ምእላይ ጠቓሚ ዝኾነ መኣዛ ከም ዘለዎ ክኢላታት የረድኡ።

### ቃርፋ

ቃርፋ - ምስ ዝተፈላለዩ ሕማማት ልብን 'ኣተሮስክለሮሲስ' ምትእስሳር ዘለዎም ጠንቅታት ኣብ ምጉዳል ሓጋዚ ምዃኑ፡ ሓያሎ ሳይንሳዊ መጽናዕትታት ከረጋግጽዎ ክኢሎም እዮም። ኣብ 2003 'ዲያበቲስ ኬር' ኣብ ዝበሃል መጽሄት ዝተዘርገሐ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ከም ዘጸረዮ፡ ቃርፋ - ኣብ ሻምብቆታት ደም ዝህሉ ማጠን ኮሌስትሮል ኣብ ምእላይን ኣብ ደምና ዝህሉ ማጠን ግሉኮስ ኣብ ምጉዳልን ሕማም ሽኮር ኣብ ምክልኻልን ልዑል ጥቕሚ ኣለዎ።

### ኣራንሺ

መዓልታዊ ሽኮር ዘይተሓወሶ ሓደ ኩባያ ወይ ልዕሊኡ ጸማቝ ኣራንሺ ምውሳድ፡ ጸቕጢ ደም ከም ዝጎድል ይግለጽ። ኣራንሺ ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ሲ' ስለዘለዎ፡ ብሰንኪ ምረት ኣብ ልዕሊ ሻምብቆታት ደም ክወርድ ንዝኽእል ጉድኣት ከም ዘጉድል ይሕብር።


### ሰጊናቲ

ሰጊናቲ፡ ብትሕዝቶ ጽሕግን ፖታሽዩምን ዝሃብተመ ዓይነት ሓምሊ እዩ። እዞም መኣዛታት እዚኣቶም ድማ፡ ኮሌስትሮል ኣብ ምጉዳል ልዑል ጥቕሚ ስለ ዘለዎም ንጥዕና ሻምብቆ ደም ኣርተሪ ኣገዳሲ እዩ።

### ብርጭቆ

ብርጭቆ፡ ንጥዕና ልቢ ኣዝዩ ኣገዳሲ ፍሩታ እዩ። ልዑል ትሕዝቶ 'ኣሚኖ ኣሲድ' ከም ዘለዎ ዝነገረሉ ብርጭቆ፡ ጸቕጢ ደም ብምጉዳልን ናይ ምቅጻል ሻምብቆታት ደም ብምክልኻልን ንጥዕና ኣርተሪ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ።

ምንጪ፦ healthline




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሪፓርታዥ

# ርኢናካ- መንደላይ - ኣርሓ - ኵራዕ - ኤርትራዊ





ጉዕዞ ኤርትራውነት፡ ብኹሎም መርኣያታቱ ዋጋ ከፊሉ ታሪኽ ክኸስብ እንሆ ሃለዋቱ ይምስክር። መድረኻት ብካብ ናብ ዝበላለጸ ፍጻሜታት ይኽዘኑ ኣለዉ። ማዕሪኡ ክድህሰስ፡ ክብርበር፡ ክፍተሽ፡ ስግሩ ከኣ ክስነድ ክውንነቱ ደጋጊሙ ይጠልብ ኣሎ። ንመስተውዓልቲ ንእዋኑ ንጸሓፍቲ ታሪኽ ከኣ ንሓዋሩ ዘየደቅስ ዕዮ ገዛ'ዩ።

ኣብ'ዚ መቓን ስነ ጥበብ፡ ብኹሎም መርኣያታቱ ዝሕዞ ቦታ ግሉሕ'ዩ። ንኽድምቕን ክምስክርን ዝኽእሎ ትዕድልቱ፡ ብግቡእ ብቐዓት ኽዋጽኦ ምጽባይ ከኣ ባህርያዊ'ዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ'ቶም ዝሓለፉ ምዕራፋት ጉዕዞና ከም ህዝብን ሃገርን፡ መድረኻት ክውክል ስምዒት ክቓኒ ዝኽእሎ ብቐዓት ስነ ዝወነነ። ነዚ ትጽቢት ዝውክል ቁመንኡ ከመይ ከም ዘሎ፡ ወሰን ኢልካ ምፍታሽ ዝጽላእ ኣይኮነን። ብቐንዱ እቲ ዋና ውራይ ዝኾነ ስነ ጥበበኛኸ? ዝብል ሕቶ እግሩ እግሩ ስለ ዘስዕብ። ነዚ እውን ድሉው መልሲ ክቕረብ ነይርዎ። ህይወት ንእትብሎ ተመሊሱ ብጥበብን ፈጠራን ከሺኑ ዝቕልብ ምእዙዝ ኣሳሳይ ምስ ምዃኑ፡ በዚ መንጽር ዝልክዕ መስፈሪ ምጥቃም ግድን እዩ።

ዳዕሮ ዘተ ሃማመተኤ፡ ነዚ መሰረታዊ ሓቂ ከም መንጸፍ ተጠቒማ ኣብ ዙርያ'ዚ ዛዕባ ዓይኒ ኣንቀ'ሑ ክትብል ዝመረጸት ከኣ ብዘይ ምኽንያት ኣይነበረን። ጥልቀት ዘለዎም ወከልቲ ስነ ጥበባዊ ፍርያት ብምሕራይ ብስፍሓት ንምስትምቓርዎ ባይትኣ ወትሩ ርሑው ምስ ምዃኑ። ብስነ ጥበበኛታት ረዘነ ኣለምን መልኣከ ኣብርሃምን ፈርየን፡ ቀልቢ ኣስተማቕርቲ ጥበብ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ልቢ መላእ ሓፋሽ ብዛዕባ ዝበሓታ ከክልተ ካብ ውጽኢት ስርሓቶም፡ ከም መርኣያ ንምስትምቓር ምቕራብን ጽቡይ'ዩ። ስለምንታይ? ዝብል ሓታቲ ኣይሰኣንን ይኸውን። "ኵራዕ ኤርትራዊ"ን "ርኢናካ"ን ናይ ረዘነ ኣለም፡ "መንደላይ"ን "ኣርሓን"ን ናይ መልኣከ ኣብርሃም፡ እዋናውያንን ግዜ ደጋጊሙ ዝኹልዐን ዘሎ ጣዕመ ዜማታት ንዘስተማቕረ ግን እቲ ሕቶ ንእለት'ዩ መቓምጥኡ ዝስእን።

ጉዕዞ ኤርትራውነት ነዊሕ ዋሕዚ ዘለዎ ዛራ'ዩ። መጠኑ ብዘየገድስ፡ ኣብ'ቲ ዋሕዙ ምስ ኣኻውሕ እናተራጸመ ይምርሽ። የማን ጸጋም ኢሉ ይውሕዝ ጥራሕ። ንኹሉ ገፈል መፈል፡ ናብ ደንደስ እናጋፍዐ ናህሩ ከይዓገተ ይቕጽል። እናጸረየን ሓቒቑ እናኾነን ይዛሪ። ክውንነት ጉዕዝኡ ወትሩ በዚ ይልለ። ዘይከም ካልኦት ዋሕዙ ኣይግድብን። ኣብ ዝረኸቦ ማዕሙቕ መላገሲ ኣይውህለልን። ጉዕዞ ዋሕዙ ደው ኣብ ዘበለ፡ ምሽታትን ምስባብን የስዕብ። እዚ ንዘይኮነ ህዝቢ፡ "ኩራዕ!" እንተ በልካዮ መዓስ ይንእሶ። ኤርትራዊ ክህሉ መዓስ ጥራሕ ደልዩ። ክኸውን እምበር! ነቲ ዝደልዮ ዝብህን ክኾኖ'ዩ ሕራዩ። በዚ ጥራሕ'ዩ ከኣ ኣብ መድረኽ ፍጹም ተኽእሎታት ዝድይብ። ንያቱ ንምብራኽ እናሳዕ 'ኵራዕ' ኢልካ ምምስካር፡ ኣብ ልክዕነቱ ዝመጽኣ ቀጸራ'ዩ።

ሰንሰለት ወሎዶታት ካብን ናብን ዝጠምር፡ ጽኑዕ ቀለቤት ክህሉ ነይርዎ። ሓደ ወለዶን እቲ ዝስዕቦን ገለ ሃጓፍ እንተ ተፈጢሩ፡ ንሃገርን ህዝብን ዝልክም ዓቢ ባዶሽ'ዩ ዝፈጥር። እዚ ባህርያዊ ስግኣት፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ በጺሑ ግን ገጽ ኣይረኸበን። እዚ ብህዉኽ መደምደምታ ወይ ስምዒታዊ ኣተሓሳስባ ጥራሕ ዝተበጽሐ መረዳእታ ከም ዘይኮነ ንምግንዛብ፡ ንውዱዕ ክውንነት ኤርትራዊ መንእሰይ ብዕትበት ድሕሪ ምፍታሽካ'ዩ ዝረጋገጽ። ነዚ ሓተታ ንዘይምንውሑ 'መስርዕ ኣይበተኽን፡ ኣሰር ቀዳሞት ኣየህሰሰን' ጥራሕ ኢልካ ምጽማቑ ተመራጺ እዩ። "ርኢናካ" እትብል ጣዕመ ዜማ ረዘነ ኣለም ነዚ መረዳእታ ብምልኣት'ያ ተኮማስያ።

ንጅግንነት ሕሉፍን ክሉውን ወሎዶታት ኤርትራ ንምድማቕ፡ ሓረጋትን ቅጽላትን ንስለ ጣዕሚ ጥራሕ ዝሕረዩ ኣይኮኑን። ይከኣሎ፡ ዋርሳይ፡ ሓየት፡ ኣምበላይ፡ ፋርስ ... ዝርዝር ነዊሕ እቲ ትርጉም ዓሚቑ'ዩ። ዊን ስለ ዝበለካ ጥራሕ ከም ዘይተሓርየ፡ ግብርን ቃልን ዘዋሰበ ውዕለት ኤርትራዊ ደጋጊሙ መስኪርዎ'ዩ። ዝምጥኖ ቅጽል ንምሃቡ ዝግበር ፈተነታት ዘቋርጽ ኣይኮነን። "መንደላይ" እትብል ደርፊ መልኣከ ኣብርሃም ኣብ'ዚ ኩርናዕ መድረኽ ንኽትውክል ዝኽእል ብቕዓት ዝወነነት ስራሕ'ያ ምባል፡ ነቲ ሓቂ ከም ዘለዎ ምምስካር'ዩ። ጎራሕ ግን ዘይተናኾል፡ እንተ ነኺሱ ዝነዝሖ መርዙ ዘይሰድድ'ዩ መንደላይ። ኣብ ነድሩ ኣየውዕልካ'ዩ'ቲ ምኽሪ ለባማት። ነዚ ዘይሰምዕ ባሃም እንተ ተረኺቡ ግን፡ ነቲ ፍዳ ዝጸውር ማእገር ተረካቢ ኣይኮነን። 'መንደላይ' ከም ስነ ጥበባዊ ስራሕ ኪኖ ምስክርነት ዝኸይድ ሓይሊ ኣለዋ። ንዝሰምዕ ለባም ምኽሪ፡ ንዘንጉዕ ቀልቢ ከኣ መጠንቀቕታ እያ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ስነ ኣእምሮ ካብ ዝልለየሉ ግሉሕ ሕላገት፡ ፊት መሪሕ ብምዃኑ'ዩ። ይመርሕ እምበር ኣይጉተትን። ኣርኣያ ኮይኑ መጻኢ ይእምት። ኣረጊት መንገዲ ሓዲጉ፡ ሓድሽ ጎደና ይምድምድ። እዚ ጽቡቕ ግን ንኻልኦት ሕማቕ ትምህርቲ ንኸይከውን እልቢ ዘይብሉ ተጻብኦ ይገጥሞ። ጸገማት ከከም ኣመጻጽኣኦም እናበድሀ፡ ጠሓሒሱ ንቕድሚት ጥራሕ ይምርሽ። እዚ ግን ብባህጊ ጥራሕ ዝወሓስ ኣይኮነን። ኣርሓ ክኸውን ነይርዎ። ኣብ በሪኽ ወጺኡ፡ ኪኖ'ቶም ኩሎም ሓጎጽጎጻት ሰጊሩ ዝማዕዱ ትኩር ኣዒንቲ ስነ ዝወነነ'ዩ። ስነ ጥበበኛ መልኣከ ኣብርሃም፡ "ኣርሓ!" ክብል ዝለገሳ ጣዕመ ዜማ፡ ኣብ'ዚ ሓቂ ግቡእ ለዓታ ከም ዝረኸበት ሴፍ ገጥ ክትብል ዝኸኣለት እምበኣር ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነትን። ነቲ መንፈስ ጽቡቕ ቃንያ፡ ብልክዕነት ከተንጸባርቖ ስለ ዝበቐዐት'ያ።

ተጻብኦ ወያነን ኩሎም ሓንከርትን ንምፍሻል ዝተገብረ መኸተ ተራ ስነ ጥበብ፡ ታሪኽ ብድሙቕ ቀለሙ ወትሩ እናድመቐ ዝነብር ሕላገት'ዩ። ብኹሉ መርኣያታቱ፡ ነቲ ዕርዲ መኸተ ኣጽሊሉ ፍሉይ ምቔት ሂብዎ። ዓይነቱን ቁጽሩን ዛይዱ፡ ነቲ ወኒ ጽቡቕ ዓንጊልዎ። ኣሰር ዝሓደገ፡ ብሉጽ ፍርያት ግምጃ ሃገር ኮይኑ። እዚ ተረኺቦ ከም ህዝብን ሃገርን ኣብ ምዕራፋት ጉዕዞና ናቱ ቦታ ሒዙ'ሎ። ስንብራት ድሙቕ ሕላገቱ፡ ኣእምሮና ሰኒድዎ ክነብር እዩ።

ስነ ጥበበኛታት ረዘነ ኣለምን መልኣከ ኣብርሃምን፡ እዘን መድረኻዊ ውክልና ዝጨበጣ ስርሓቶም፡ ኣብ ስነ ጥበባዊ ጉዕዝኦም ዓቢ ዝላ ከም ዝሃብኦም ኣፍካ መሊእካ ክምስክር ይከኣል። ካብ ኣፍ ዘየጽረየ ህጻን ክሳዕ ሽማግለ ዝዝርጋሕ ስርጸት ጣዕመን ነዚ ደጋጊሙ የረጋግጽ። ኣብ ዝተሰምዓሉ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ትሕዝቱኦን ጠሊቑ ዝሰጥም ኣስተማቓሪ መጠን የብሉን። ሓይለን ዝፈጠሮ ድርኺት ድኣ'ምበር፡ ወዝቢ ዝኽሰት ዕድል ኣይኮነን። ንሓልፎ ዘሎና መድረኽ ብድምቀት ኮሊዐን፡ ታሪኽ እውን ሰኒደን። ኣብ ኩሉ'ቲ ዝቐርባሉ ኣጋጣሚታት፡ ዝወሃበን ግብረ መልሲ ብቐንዱ በዚ ክውንነት ዝድረኽ እዩ።

ኣብ ዳዕሮ ዘተ ሃማመተኤ፡ ፊት ፊት ምስ ኣስተማቕርቲ ጥበብ፡ እዚን ምዚን ዝተባሃህልሉ ህሞት እውን እንተ ኾነ፡ ካብ'ቲ ካልእ ዘይፍለ መንፈስ'ዩ ነይርዎ። ፍሉይ ጦብላሕታ፡ ዕምቆት ዘለዎ ምስትምቓር፡ ኣባራታዊ ቃላት ምስ ለበዋ ብዘይ ብቒ ክውሕዝ ዝኸኣለ ከኣ በዚ'ዩ። ጥበብ ብዘይ ገደብ ክዛሪ ባህርያዊ ትዕድልቱ'ዩ። ኣሰር ዘለዎ ዘመን ተሳጋሪ ስራሕ ንክኸውን ከኣ፡ ንዕኡ ዝምጥን ጻዕሪ ይጠልብ። እቲ ድሙቕ ኣጋጣሚ፡ ንባህጊ ኩሉ ተሳታፊ ብዘዐንገለ ደረጃ'ዩ፡ ማዕጾ መጋረጃኡ ምስ ረስኑ ዓጽዩ።

ሳሙኤል መንግስተኣብ





# ስድራ-ቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ተራ ወለዲ ኣብ ዕብየት ህጻናትን ቅድመ ትምህርቲን

ኣብ ዝሓለፈ ዘቕረብናዮ ኣርባዕተ ክፋል ትሕዝቶ ናይ'ዚ ጽሑፍ፡ ህጻን ዓበዩ ተማሂሩ ኣብ'ቲ ዝደለ ደረጃ ንኽበጽሕ፡ ካብታ ድቒ ዝቖጸላ ህሞት ጀሚሩ ክሳዕ ናብ መጠኣታ ደረጃ ትምህርቲ ዝኣቱ ዝገበረሉ ልዑል ክንክንን ሓልዮትን ኣብ ምዕባሉ ቀጥታዊ ጽልዋ ከም ዘለዎ ገሊጽና ነይርና። ንኣብነት፡ ኣብ መጀመርታ መድረኽ ምዕባለ ዝርከቡ ኣካላት ናይ'ቲ ዕሸል ዝወሓደ ዕማም ከም ዘለዎም፣ ጥዑይ ኣገባብ ኣመጋግባ ድማ ንምኽንኻንን ምምሕያሽን ሓፈሻዊ ጥዕና ኣደን ዕሸልን ከም ዝሕግዝ፣ ስድራቤታት ምስ ነፍሰጾርነት ክመጽኡ ዝኽእሉ ጸገማትን ሕማማትን ክፈልጥዎም ከም ዝግባእ፣ ሰብ ሓዳር ቅድሚ ናብ መደባት ወላዲ ምኻዶም ክገብርዎም ዝግበኦም መሰረታውያን ነገራት ስለዘለዉ፡ ምስ ክኢላታት ሕክምና ክዘራረቡሎምን ሞያዊ ሓበሬታን ምኽርን ክረኽቡሎምን ከም ዝግበኦም ኣዘኻኺርና። ብዘይካ'ዚ፡ ኣደ ጥዑይ ዕሸል ንኽትገላገል ተራ በዓል ቤታን ወለዳን ወዘተ. ምኻኑ ብምሕባር፡ ኣብ ህጻን ዝግበር ኩሉ መዳያዊ ክንክንን ሓልዮትን ንዕብየትን ቅድመ ትምህርትን ናይ'ቲ ህጻን ዘረጋግጽ ከምኡ'ውን ብኸሎትን ወጻኢታትን ኣብ ጥዕና፡ ኣብ ትምህርቲን ዘጉድል፡ ማሕበራዊ ድሕነቱ ድማ ዘውሕስ ከምዝኾነ ገሊጽና። ሓምሻይ ክፋል ናይ'ዚ ጽሑፍ ይቕጽል-

***

ምብህሃል ኣብ ጉዳይ ትምህርቲ ኣዝዩ ኣገዳሲን መሰረታዊን ነገር እዩ። ብቑዕ ምብህሃል ድማ ካብ ታሕቲ ክሳብ ላዕሊ ልዑል ትምህርታዊ ረብሓ ከምዘለዎ ክኢላታት ዝገልጽዎ ሓቂ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ተራ ምብህሃል ንክኢላታት ነደፍቲ ፖሊሲ ትምህርቲን ኣካላት ትምህርቲን ኣዝዩ ዝሕግዞምን ዘድግፎምን መሳልል ናይ ትምህርቲ ምኻኑ ኣይሰሓትን። ብቐንዱ'ውን ትምህርቲ ክበሃል ከሎ፡ ኩሉ ግዜ፡ ኣብ መጀመርታ እዋን፡ ኣብ መወዳእታ እዋንን ኣብ ኩሉ ቦታን ግዜን ጉዳይ ምብህሃል ምኻኑ ክስሓት የብሉን። እዚ ምብህሃል እዚ፡ ኣብ ዛዕባ ትምህርቲ ንዘሎ ጸገማትን ሕጽረታትን ትምህርቲ ይፈትሕ እውን እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ባይታ ዝበጽሑ፡ ዘለዉን ክወርዱ ዝድለዩን ሓሳባት፡ ስትራተጂታት፡ ፖሊሲታትን ለውጥታትን ኣብ ምንጻርን ከኣ ይሕግዝ። ስለዚ፡ ትምህርቲ ናይ ኩሉ ሰብ መሰረታዊ መሰል ብምኻኑ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ብዛዕባ ጉዳይ ትምህርቲ ክበሃሃሉ ይግባኦም። ከምዚ እንተተገይሩ፡ ዝረኣዩ ጸገማትን ሕጽረታትን ቦታ ኣይረኽቡን እዮም።



ስለዚ፡ ኣብ መጻኢ ብዝመናውን ዓለምለኻውን ብቕዓቱ ክልኻዕ ዝኽእል ቅድመ-ትምህርቲ፡ ጉዳይ ስርዓት-ኣመጋግባ ዕሸላት፡ መሳለጢታትን ዓቕሚ ሰብን እንተተዋዲዱ፡ ስድራቤታትን ሕብረተ-ሰብትን ደቆም ንቕድመ-ትምህርቲ ክሰዱ ይድረኹ። ህጻናት እውን ናብ ቅድመ-ትምህርቲ ክኸዱ ይተባብዑ። ዝተፈላለያ ጽሏታት ድማ፡ ንስለ ዕብየት ህጻናትን ቅድመ-ትምህርቲ ህጻናትን፡ ኣብ መዳይ ጥዕና፡ ትምህርቲን ማሕበራዊ ውሕስነትን ህጻናት ኣተኩረን ክሰርሓ ይኽእላ። ተራ ወለዲ እውን ብኡ መጠን ልዑል ይኸውን። ብዘይካ'ዚ፡ ብሕታውያን ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ድማ በቲ ልክዑ ዝሓለወ መለክዒ ክቐየዳ ይኽእላ። ናይ መንግስቲን ብሕታውያንን ኣብያተ-ትምህርቲ ፍልልየን እናጐልሐ ይመጽእ።

ቀደም፡ መንግስታውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ብዕሜ ይእተዋ ከም ዝበራ ምዝኻር እኹል'ዩ። እዚ ካብ ዝበቐዐ ነጥብታት፡ ብግዜኡ መማህራን ብስነ-ምምህርና ዝሰልጠኑ ምንባርዎም፡ ንግዜኡ ዝምጥን ትምህርታዊ መሳለጥያታት ስለዝነበራ፡ ከምኡ ድማ እኹል ደሞዝ መማህራን፡ ብቑዕ ምቁጽጻርን ምእላይን መማህራን፡ ሓላፍነትን ተሓታትነትን መማህራን፡ ረብሓ መማህራን ብሓላፍነትን ደረጃ ትምህርቲን ግድምናን ዝሕሎ ምንባሩ፡ ዝዕቡብ ተወፋይነትን ስነ-ምግባርን መማህራን ስለዝነበረ . . . ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል። ስለዚ፡ ትምህርቲ መሰረትን ውሕስነትን መጻኢ ሂወት ብምኻኑ፡ ቅድመ-ትምህርቲ ኑዩም ክሕግዙ ዝግብኦም ሰንኩላንን ጉዱኣትን ህጻናት፡ ኣብ ግምት ዘእቱ ከምኡ ድማ ንጥዕና፡ ትምህርትን ማሕበራዊ ውሕስነትን ቀዳምነት ዝህብ ክኸውን ይግባእ። ሰላሙኦምን ብቕዓቶምን ዝሓለወ ናይ መንግስቲ ማእከላት ጥዕናን ቅድመ-ትምህርቲን ብፍላይ ኣብ ወጽዓት ከባቢታት (dis-advantaged areas) እንተኾኑ ይሕሸና፡ ወለዲ ኣብ ክንክን ህጻናቶምን ቅድመ ትምህርትን ልዑል ጠመተ ይገብሩ።

መንግስቲ፡ ጽላል ሕብረተሰብ፡ ኮማት፡ ስድራቤታትን ውልቀሰባትን ኩይኖ ምሉእ ሓላፍነትን ተሓታትነትን ዝወሰድ እዩ። በዚ ኸኣ ኩሉም ንጥፈታቱ ንዚጋታቱ ብዝርብሉ መንገዲ ይሰርሑ። ማዕረ-ማዕሪ ከኣ ስድራቤታት፡ ኑቲ መንግስቲ ዝገብሮ ወፍሪ ይድግፉ። ኣብ'ዚ ክዘንጋዕ ዘይብሉ ነጥቢ ግን ኣሎ - ንኣተዓብዩ ህጻናት ብዘለዓለ ሓላፍነትን ተሓታትነትን ዝወስዱ ወለዲ ምኻኖም። ስለዚ፡ ተራ ወለዲ ኣብ ዕብየት ህጻናትን ቅድመ-ትምህርቲ ህጻናት ክዓዝዝ ይግባእ። ዋላ'ኳ ዓበይቲ ኣሕዋት፡ ኣቦሓጎን እኖሓጎን ሕጋውያን መገዛእቲ፡ ኣሞ፡ ሓወቦ፡ ኣኮ፡ ሓትኖ፡ ካልኦት ኣባላት ስድራቤትን ኣዕሩኽ ስድራቤትን ክህልዉ ዝኽእሉ እንተኾኑ፡ ከም ወለዲ ዝኸውን ግን የለን። እዚ ማለት ግን እዞም ዝተጠቕሱ ኣባላት ስድራቤት፡ እንተ ብቐረባ እንተ ብርሑቕ፡ ተራ የብሎምን ማለት ኣይኮነን። ተራኦም ልዑል ምኻኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ብዘይካ'ዚ'ውን ድሕሪ ወለዲን ኣባላት ስራቤትን ብተዛማዲ መንግስትን ሕብረተ-ሰብን እውን ኑዩም ህጻናት ኣብ ምዕባይን ምእላይን ግደ ኣለዎም። እዚ እናኸኑ እንከሎ፡ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዝኸተሙን ዝተጠልሙን ህጻናት፡ ብስነ-ሂወታዊ - ዝምድናን ርክብን ብዘይብሎም ወለዲ ክዕብዩ ይኽእሉ። ገሊኦም ህጻናት እውን ብሕልናን ሞራልን ዘለዎም ሰባት ከም ደቆም ይርዕሙ። ገለ ድማ ኣብ መዕበዪ ህጻናት ወይ መዕበዪ ዘኽታማት ይዕበዩ። ካልኦት'ውን ምስ ዘመድ ኣዝማድ ተሓዊሶም ዝዕበዩ ህጻናት ኣለዉ። እዞም ዝተገልጹ ኣሊዮቲ ብምሉኦም፡ ምሉእ ብምሉእ ሓላፍነትን ተሓታትነትን ናይ'ቶም ህጻናት ዝወስዱ እዮም። እዚ ኸሉ ጸቡቕ ኣብ ቦታኡ እናኾነ ግን፡ ኣብ'ዚ ጉዳይ እዚ ብዝተፈላለዩ ረቛሒታት ቅድሚ ናይ ስጋ ወለዶም ዝሰርዕ የለን።

ክእለትን ኣተዕብብያን ህጻናት ካብ ስድራቤት ናብ ስድራቤት ዝፈላለ ምኻኑ ይፍለጥ። ንደቆም ብጸቡቕ ክእለትን ኣገባብን ዘዕብዩ ወለዲ፡ ከም ብሉጻትን ንፉዓትን ይሕሰቡ። እንግሊዛዊ ሓኪም ቁልዑን ተንታኒ ኣእምሮን ዶናልድ ዊኒኮት ብዛዕባ ብቑዕ ስድራቤታዊ ሓላፍነት ክገልጽ እንከሎ፡ ብውሑዱ ምዕባለ ጥዕና ደቆም ብቐዳምነት ዝከታተሉ ስድራቤታት ብኣብነት ከም ዝግለጹ የብርህ። ምኽንያቱ፡ ጥዕና ህጻን መሰረት ኩሉ ዕብየት ህጻንን ደቂ-ሰብን እዩ። እዚ ምክትታል እዚ ኸኣ፡ ካብ ባህሊ ናብ ባህሊ፡ ካብ ሃገር ናብ ሃገር፡ ካብ ሕብረተ-ሰብ ናብ ሕብረተ-ሰብ ክፈላለ ዝኽእል ምኻኑ ክኢላታት ዝገልጽዎ ሓቂ እዩ።

ትምህርቲ፡ ስነ-ልቦናዊ፡ ፍልስፍናውን ማሕበረ-ሰብኣውን ትሕዝቶ ዘለዎ፡ ኣእምሮን ተበላሓትነትን ወዲ-ሰብ ዘማዕብል ረቂቕ ሓይሊ እዩ። እዚ ድማ፡ ስድራቤታት፡ ሕብረተሰብትን ዝምልከቶም ኣካላትን ክፈልጥዎም ይግባእ። ብዛዕባ ካብ ህጻንነት ጀሚሮም ዘወሃቡ ትምህርትታት ዝተፈላለዩ መግለጺታት ይቐርቡ እዮም። ገለ ካብኣቶም፡-

1. ትምህርቲ ንፍጡራት ምሉእነት ዝህብ መለኮታዊ ሓይሊ ስለዝኾኑ፡ ኣብ ኣእምሮ ሰብ ቁልዒ ሓዊ ዝፈጥር እዩ። እዚ ኸኣ ኑቲ ኣብ ኣካላት፡ ኣብ ኣእምሮን ኣብ መንፈስን ሰብ ዘሎ ድጉል ሓይሊ ናብ ግሁድ ዓለም ዘውጽእ እዩ።

2. ትምህርቲ፡ መስርሕ ርእሱ-ክኣልነት ወዲ-ሰብ ኣዕብዩን ኣስፊሑን፡ ቅቡል ሕልናን ሞራልን ከምዝህልወካ ዝገብር እዩ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ከኣ፡ ሰባት ኣብ ንሓድሕዶም ዚያዳ ክቀባበሉ፡ ክረዳድኡን ክተሓጋገዙን ይገብርዎም።

3. ትምህርቲ፡ ሰባት ኑቲ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ዕቑር ሓይሊን ፈጠራውነት ኣበራቢሩ፡ ዚያዳ ሕያዎት፡ ፈቃራት፡ ትዕግስተኛታት ሕጉሳትን ክኾኑ ይሕግዞም። ብፍላይ ህጻናት፡ ካብ ግዜ ንእስነቶም ጀሚሮም ዕድል ትምህርቲ ረኺቦም እንተዓብዮም፡ ኣብ ህይወቶም ምሉእ ዓቕምን ክእለትን ዘለዎም እዮም ዘኸኡ።



እዞም ንኣገዳስነት ትምህርቲ ዘጉልሑ መግለጺታት፡ ኣብ ዕብየት ህጻናትን ቅድመ-ትምህርቲ ህጻናትን ልዑል ተራ እዩ ዘለዎም። ስለዚ፡ ተራ ትምህርቲ ንህጻናት ማዕረ ክንደይ መሰረታዊን ዝመጽእ ክፋል ህይወቶም ዝጸሉን ምኻኑ ብቐንዱ ወለዲ፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ሕብረተሰብ ክኖግዞ ዝግባእ እዩ።

ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ፡ ቅድመ-ትምህርቲ ህጻናት ክበሃል ከሎ፡ ክሳብ'ታ ሓደ ህጻን መዋእለ ህጻናት ዝጀምረላ ዘሎ ዕድመ እዩ። ስለዚ፡ ስድራቤት፡ ክሳብ ትምህርቲ መዋእለ ህጻናት ዝጀምሩ ኣብ ዘሎ ግዜ ወይ ዓመት፡ ንህጻናት ደቆም፡ ብኹሉ ኣገባብ እናኣለዩን እናማሃሩን ብምኽንኻኑ፡ ንትምህርቲ መዋእለ ህጻናት ቅሩባት ክገብርዎም ኣለዎም። እዚ እንተገይሮም፡ ዕውት መስርሕ ምዕባለ ህጻን ተኾቲሉ ማለት እዩ። ኣብ'ዘን ትምህርቲ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ዝጀምር ዘሎ ገደብ ዕድመኡ ንህጻን ብኸሉ መንገዲ ዘይምእላይን ዘይምክትታልን ግና፡ ኣብ መጻኢ ኣካዳሚያዊ ትምህርቱ ብዙሕ ከምዝሃስዮ እዩም ክኢላታት ዝሕብሩ። ብፍላይ ኣብ ጥዕና፡ ኣብ ማሕበራዊ ውሕስነትን ምብህሃልን፡ ኣብ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቃውማ፡ ኣብ ኣካላዊ ብቕዓትን ስነ-ኣመጋግባን ጽሬትን ዝኣመሰሉ መሰረታውያን ጉዳያት፡ ስድራቤት ብሓፈሻ ኣደ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ልዕሊ ህጻን ወላዳ ልዑል ጥንቃቐን ወፍርን ክትገብር ሓላፍነታ እዩ።

ከምዚ ዓይነት ጸቡቕ ኣተዓብብያ ህጻን፡ ኣብ ዕብየቱ፡ ጥዕንኡ፡ ትምህርቱ፡ ምስ ሕብረተ-ሰብ ዘህልዎ ርክብ፡ ጠባያቱ፡ ባህርያቱ፡ ተግንዝቦኣዊ ክእለቱን ምዕባለኡን ወዘተ ብኣወንታ ዝጸልዎ ስለዝኾኑ፡ ትምህርቲ ምስ ጀመረ፡ ብሉጽ ተማሃራይ ክኸውን እዩ ዝገብሮ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ'ዩ፡ ስድራቤት ኣብ'ተን ህጻን ተወሊዱ ወዲ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ዝኸውን ኣብ ዘለዋ ግዜያት፡ ዘድሊ ክንክንን ኣልያን ክገብሩ መሰረታዊ ዝኸውን። ኣብ'ዘን ናይ ቅድመ-ትምህርቲ ዕድመኡ ብኸሉ ተሓጊዙ ዝዓበየ ህጻን ከኣ፡ ብቑዕ ተማሃራይ ኩይኑ እዩ፡ መዋእለ ህጻናት ዝጀምር። ህጻናት ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ፍሉይ ሕግታት የብሎምን። እናተጻወቱን እናተዘናግዑን ይመሃሩ፣ እናደረፉን እናሳዕሰዑን ይመሃሩ፣ ብባህሊ እናተመርሑ ይዘናግዑን ቋንቋ ኣደኦም እናተዛረቡ ይመሃሩን። ኣብ'ዚ መድረኽ ናይ ዕድመኦም ኩኦ፣ ክስሕቁን ክሕጎሱን ብኡ ገይሮም፣ ንመሰረታዊ ትምህርቲ (መዋእለ ህጻናት) ድሉዋት ክኾኑ ስለዝኾኑ ብዕቱብ ክእለዩን ክሕግዙን ኣለዎም። ኣብ'ዚ መድረኽ ናይ ዕድመኦም ድማ እዮም፣ ጸወታን ምዝንጋዕን ዝመሃሩ፣ ኣካላዊ ብቕዓቶም ዝፍትሹ፣ ማሕበራዊን ስምዒታውን ህይወቶም ከማዕብሉ ዝጅምሩ፣ ኣእምሮኣውን ሞራላውን ክእለቶም ዝሃንጹ፣ ቋንቋ ኣደኦም ዝመልኩ። ኣብ'ዚ መዳይ፣ ኣልያ ወለዲ ካብን ናብን ዝፈላለ እኳ እንተኾኑ፣ ብዙተኻእለ መጠን ግን፣ ኣብ'ዚ ደረጃ ዕድመ ናይ ህጻናት ተራን ምክትታልን ወለዲ ክዓቢ ዝግባኣ እዩ። ብኸምዚ ድማ ንህጻናት ደቅና ንመዋእለ ህጻናት ብኣእምሮን ብኣካልን ድሉዋት ንገብሮም።

**ይቕጽል**

**መም/ እዮብ ርእሶም**

**ህዝባዊ ርክባት ሚ/ትምህርቲ**

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጩራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 15:30 | IN FOCUS |
| 16:40 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደቂተራት ኣብ ስቱድዮ (ድግም) |
| 18:35 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ሄራር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ዳዊት ሓደሽ ገብረዋህድ ምባል ተረፉ፥ ዳዊት ሓደሽ ክፍለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/2/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማእከል ከተማ

ከሳሲ የውሃንስ ጉብረወልዲ ጸጸሩ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ማሕሙድ ዐሶማን ዓሊ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ን27/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸጸራት

ወ/ሮ ጸገ ሃይለሚካኤል፡ ኣዴና ንግስቲ ተስፋማርያም ስቡሓት ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወራሲት ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኑቡዖት ተስፋዝጊ፡ በዓልቤተይ የውሃንስ ኣሮን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ተመናይ

ኣቶ ዳንኤል ሃብተሚካኤል ሓጎስ፡ በዓልቲቤተይ ለምለም ምሕረትኣብ ሃብተሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሀት ገብረንገሰ ወልደሓዋርያት፡ በዓል ቤተይ ፍስሓ ተስፋገርገሽ መንግስቱ ስለ ዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ካብኡ'ውን 5 ህልዋት ሓንቲ መዋቲት ተተካእቲ 3 ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ፓራዲዞ

ኣቶ ምስግና ካሕሳይ ጎጁ፡ ሓወና መሓሪዝጊ ካሕሳይ ስለ ዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዓብደልኻልቅ መሓመድ ሓሰን፡ ተኸሳሲ ኣቶ የሲፍ መሳ ዐመር፡ ሲቪላዊ ክሲ ጉዳይ መቕጣ ናይ ገዛ ማኪና ቁጽሪ ሰሌዳ ER-1-B-4802 ዝኾነት ስም ንምትሕልላፍ ኮይኑ፡ ተኸሳሲ ኣድራሻኡ ክርከብ ስለዘይተኻእለ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳዩ ኣብ ዘየለወሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣቶ ሚካኤል ገብረሂወት ክፍሉ፡ ኣደይ ኪብራ ጺጋይ ገብረ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ዛይድ ደባስ ዘሚካኤል፡ በዓል-ቤተይ ተስፋስላሴ ኣብርሃም ተስፋልደት ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 1 ጓልና ድማ ወረሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ወይኒ በርሀ ፍስሃ፡ በዓል-ቤተይ በራኺ በርሀ ገብረሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት በላይ ተወልደ፡ ቀሺ በላይ ተወልደ ስለዝዓረፈ፡ ንኣዴና ወ/ሮ ለተብርሃን ገብረእግዚኣብሄር እምኑቱ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ከምኡ ድማ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ተተካእቲ ደቃን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ትሕቲ ዕድመ ለተስላሴ ገብረኪዳን ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ምንያ ገብረኪዳን ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/2/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ትሕቲ ዕድመ ያፌት ተስፋይ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ ሄርሞን ተስፋይ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/2/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።



### ሓበሬታ
### ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፤00-12፤00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፤00 – 6፤00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፤ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!

---

ብስም ተኽለሃይማኖት ጉብረገርግሽ ሓገሰ ኣብ ዓዲ/ከቦቢ ወኪደባ ብመወከሲ ቁጽሪ 300 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 010760 ፕሎት E ፓርሰል 22 ንመዝበሪ መዓላ ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሓዘዮ ዝበል እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ስልኪ 07524716 ክሕብረኒ። እንተዘይቀሪቡ ግን መተካእታኡ ንክምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ተኽለሃይማኖት ጉብረገርግሽ

---

## ምልክታ ጨረታ

ሆስፒታል ሰምበል ደቂሰም ንዝሕለዩ ሕሙማት መግቢ ምቕራብ ብቐዓት ዘለዎም ተወዳደርቲ ንጨረታ ይዕድም።

ተሓጋሪትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት፥

1.ሕጋዊ ናይ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም ኮይኖም፡ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም፡ ናይ 2021 ካብ ዕዳ ናጻ ዝብል፡ ካብ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር የቕርቡ።

2.ብናይ መግቢ ምቕራብ ሞያ ብውሑዱ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ተመኩሮ ዘለዎ።

3.ብዛዕባ ትካሉ ዝሀቦ ኣገልግሎት ትሕዝቶ ዝገልጽ ጽሑፍ (profile) የቕርቡ።

4. መኽበሪ ጨረታ ናቕፋ 150,000.00 (ሚእትን ሓሙሳን ሽሕ ናቕፋ) ዝምለስ ብcpo የቕርቡ።

5.ናይ ጨረታ ሰነዳት 50.00 (ሓምሳ) ናቕፋ ዘይምለስ ብምኽፋል ካብ ሆስፒታል ሰምበል ክፍሊ ፋይናንስ ምውሳድ ይከኣል።

6.ተጫረትታይ ናይ ጨረታ ዘቕርቦ ዋጋታት ብስታሪት ብጦብእ ዓሺጉ ኣብ ሆስፒታል ሰምበል ክፍሊ ፋይናንስ የረክቡ።

7.እዚ ጨረታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን15 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን። ኣብ መበል 16 ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽበሉ ይኽፈት።


8. ሆስፒታል ሰምበል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብቑ.ተሌፎን 150175 ምውካስ ይከኣል።

ሆስፒታል ሰምበል ኣስመራ

---

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ዘፍቅሮ በዓል ቤተይ ቪቪያን ክላውድዮ (ዋና ትካል ጆላቶ ኢታልያኖ) ዝተሰመዓኒ ሓዘን እናገለጽኩ፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣትሒዝኩም ዝተመላለስኩምን ኣብ ዓዲ ጣልያን ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ከምኡ'ውን ካብ ወሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርኣዩ እናበልና ሓዘንና ከምዝገጸና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሰናይት በላይ፡ ምስ ደቀይን ምስ ምሉኣት ስድራቤትን

---

ወ/ሮ ሩታ ተስፋይ ገብረመድህን፡ ሞግዚት ናይ ደቀይ 1.ኣብራሃም ታደሰ ተከኤ 2.ሳራ ታደሰ ተከኤ 3.ኢሳቕ ታደሰ ተከኤ ዝኾንኩ፡ ብዓል ቤተይ ነፍ/ ኣቶ ታደሰ ተከኤ ዓሰቡ፡ ንት/ዕድሜ ደቁ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻ ነፋሒ ምም/ ዓዲ ጓዕዳድ ፕሎት 006 ፓርሰል ዞን ASP00033116 ፓርሰል ፓርት 08.1 ዚፕ ኮድ ዓዲ ጓዕዳድ 1G1133 ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1.002787/1/ ዋንኑቱ እተረጋገጸ ብስ/ሕጊ ዓ/2427/2434/24/36/1 ዝፈቐዶ ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብቁ.ውዕል187/18 ናይ ዕለት 15/05/18 ኣመዝጊቡ ዝሸጦ፡ ናብ ስሞም ከመሓላልፈሎም ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተልዩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ ኣብ ቤት ጽ/ኖታዮ ዞባ ማእከልን ቤ/ጽ/ ምዝገባ ንብረት ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ሩታ ተስፋይ

---

## ሓበሬታ

ቤት ጽሕፈት ነጋድያን ኢየሩሳሌም ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ፥ ኣብ 2015 ዓ/ም ግእዝ (2023 ዓ/ም/ፈ) በዓል ፋሲካ ናብ ኢየሩሳሌም ክትነግዱ ትደልዩ ምእመናን፡ ካብ ዕለት 30 ጥሪ ክሳብ ዕለት 3 ለካቲት 2023 ዓ.ም.ፈረንጂ ንሓደ ሰሙን ምዝገባ ከካይድ ስለዝኾነ፡ ክሳብ 2023 ዓ.ም ዝተሓደሰ ፓስፖርትኹም ሒዝኩም ብኣካል ብምቕራብ ክትምዝገቡን ዘድሊ ቅጥዒ ክትመልኡን ከምእትኽእሉ ንሕብር።

ቦታ ምዝገባ

1. ነበርትኩም ኣብ ኣስመራን ሃገረ ስብከት ማእከልን ዝኾንኩም፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሃገረ ስብከታት ኣስመራን ማእከልን ኣብ ካምጥ ባሎ ግምጣል ጎልደን ፎርክ ዝርከብ ሓደሽ ቤት ጽሕፈት፥
2. ነበርትኩም ኣብ ሃገረ ስብከት ደቡብ ዓዲ ቐይሕ ዝኾንኩም፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ጳጳስና ከተማ ዓዲ ቐይሕ፥
3. ነበርትኩም ኣብ ሃገረ ስብከት ደቡብ መንደፈራ ዝኾንኩም፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ጳጳስና ከተማ መንደፈራ፥
4. ነበርትኩም ኣብ ሃገረ ስብከት ደባርዋ ዝኾንኩም፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ጳጳስና ከተማ ደባርዋ፥
5. ነበርትኩም ኣብ ዞባ ዓንሰባ ዝኾንኩም፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ጳጳስና ከተማ ከረን፥
6. ነበርትኩም ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝኾንኩም፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ጳጳስና ከተማ ባረንቱ፥
7. ነበርትኩም ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝኾንኩም፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ጳጳስና ከተማ ባጽዕ፥
8. ነበርትኩም ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝኾንኩም፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ጳጳስና ከተማ ዓሰብ፥

ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ
ቤት-ጽሕፈት ነጋድያን ኢየሩሳሌም

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ድሙቕ ዓወት የመዝግቡ

ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ብሽክለታ፡ ብቐዳማይ ትማሊ ሰንበት 29 ጥሪ ኣብ ዝተኻየዱ ዝተፈላለዩ ውድድራት፡ ድሙቕ ዓወት ኣመዝጊቦም። ሓደ ካብ ብሉጻት ተቐዳደምቲ ዓለም ምኻኑ ዝኣመነ በኒያም ግርማይ፡ ቀዳማይ ትማሊ ኣብ ስጳኛ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ካልኣይ ተርታ ብምሓዝ ብሩር መዳልያ ተሸሊሙ። ኣብዚ 141.6 ኪሎሜተር ርሕቀት ዝሸፈነ ዝበረ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር፡ በኒያም ኣብ መወዳእታ ድሕሪ ዝተጐበረ ሓያል ቅጽበታዊ ውድድሮ'ዩ ብሉጽ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ብቕዓቱ ብምርኣይ ካልኣይ ተርታ ሐዚዙ። በዚ ዓወት ከኣ ኣብዚ ውድድር ሃዲማ ንዝወዓለት ጉጅለ ንምርካብ ሓያል ጻዕሪ ክገብሩ ዝወዓሉ ተቐዳደምቲ በልጂማዊት ክለብ ኢንተርማርሼ ጾግሖም ከረኽቡ ክኢሎም ኣለው። ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ በኒያም ግርማይ፡ ቀዳማይ ኣርባዕተ መዓልቲውን ኣብ ስጳኛ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ኑሓስ መዳልያ ከም ዝተሸለመ ይዝከር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ሄኖክ ምልእብርሃን ኣብ ናይ ብቐዳማይ ትማሊ ናይ መወዳእታ መድረኽ ዙር ጋቦን ካልኣይ ተርታ ሐዚ ውድድሩ ፈጺሙ። ኣብዚ 130 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ዝበረ መድረኽ፡ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ መበል 13 ተርታ ክሕዝ ከሎ፡ ኤፍሬም ገብረሂወት መበል 16፡ ዳዊት የማነ መበል 18፡ ናትናኤል ብርሃነ ከኣ መበል 21 ተርታ ሐዚዞም ኣለው።

ብማሰረት ናይ ሸውዓተ መድረኻት ወሃህላል ወጽኢት፡ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር ናትናኤል ብርሃነ ዳዊት የማነ ብዝኸተታሊ ራብዓይን ሓምሻይን ተርታ ክሕዙ ከለው፡ ኣብ ናይ ነጥቢ ውድድር ከኣ ሄኖክ ሳልሳይ ደረጃ ሐዚ ውድድሩ ፈጺሙ ኣሎ። ብዘይካዚ፡ ኣብ ውድድር ብሉጽ መንእሰይ፡ ተቐዳዳማይ ሄኖክ ሳልሳይ ተርታ ክሕዝ ከሎ፡ ኣብ ናይ ዓቕበ ውድድር ከኣ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ ሳልሳይ ደረጃ ሐዚ ፈጺሙ ኣሎ። ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ከኣ ብዩታል ኣህጉርን ቢንገልን ጥራይ ተበሊጻ ካብ 15 ጋንታታት ሳልሳይ ደረጃ ክትሕዝ በቒዓ ኣላ።

ሓደ ካብ ምኩራት ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ዝኾነ መትከል እዮብ




እውን ብቐዳማይ ትማሊ ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣብ ዝተኻየደ ሳልሳይ መድረኽ 'ዙር ሻርጃ'፡ ሳልሳይ ተርታ ሐዚ ውድድሩ ብምፍጻሙ ንዓወት ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ዝያዳ ድምቀት ሂብዎ ኣሎ።

## መረብ ስቲትን ቴራቮሎን ናብ ፍጻመ ሓሊፈን

ሻምፕዮን ጋንታታት 2ይ ዲቪዥን ዞባ ማእከል፡ ብቐዳም ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታታት ከም ዘካየደ ህዝባዊ ርክብት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ። ኣብዚ ዕለት እተን ካብ ምድብ 'ሀ' ዝሓለፋ ደንደንን ማይተመናይን ከምኡ'ውን ካብ ምድብ 'ለ' ዝሓለፋ ቴራቮሎን መረብ ስቲትን እየን ናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታኦን ኣካይደን።

ፈለማ ንሜዳ ዝወረዳ ቴራቮሎን ማይተመናይን እየን ነይረን። ቴራቮሎ ካብ ምድብ 'ሀ' ብዘይዝኾነ ስዕረት ቀዳመይቲ ኮይና ዝሓለፈት ክትከውን ከላ፡ ማይተመናይ ከኣ ካብ ምድብ 'ለ' ካልኣይቲ ኮይና ናብዚ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ሰጊራ። ጸወታ ኾና ሸደሸተ ደቓይቕ ጥራይ ምስ ተጻወተ ቴራቮሎ ብመንገዲ ናትናኤል እማሃ ቅልጥፍቲ ሸቶ ብምርካብ እቲ ጸወታ ካብ መፈለምታኡ ኣትሒዙ'ዩ ሓያል ተወዳዳርነት ተራእዩዎ። ተጻወትቲ ማይተመናይ ዝተመዝገቡዮም ሸቶ ንምሕዋይ ተደጋጋሚ ፈተነታት ድሕሪ ምኽያድ ኣብ መበል 45 ደቒቕ ሸቶ ብምርካቦም፡ ክልቲአን ጋንታታት ንዕረፍቲ 1ብ1 እየን ወጺአን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ እውን ተወዳዳርነት ክልቲአን ጋንታታት ኣይጎደለን። ቴራቮሎ ኣብ መበል 54 ደቒቕ ካብ እየብል ብርሃነ ኣብ መበል 90 ደቒቕ ከኣ ካብ ሳሙኤል ተኽስተ ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ እቲ ጸወታ ብዓወት ቴራቮሎ 3ብ1 ተዛዚሙ።

ድሕሪ'ዚ ግጥም፡ መረብ ስቲትን ደንደንን እየን ናብ ሜዳ ወሪደን። ደንደን ካብ ምድብ 'ሀ' ቀዳመይቲ ኮይና ዝሓለፈት ጋንታ ክትከውን ከላ፡ መረብ ስቲት ከኣ ካብ ምድብ 'ለ' ካልኣይቲ ኮይና ናብዚ ግጥም ሰጊራ። ናይ ቀዳማይ እብረ ግጥም ናይዘን ጋንታታት ዘይከም'ቲ ቀዳማይ ጸወታ፡ ብዙሕ ፈተነታት ዝተራእዮ ኣይነበረን። ከም ወጽኢቱ ከኣ ንዕረፍቲ 0ብ0 እየን ተፈላልየን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ዝቐጸለ ጸወታ ግን ንኹሉ ተዓዛቢ ጠልጠል ዝበለን ሓያል ስፖርታዊ ምትህልላኽ ዝተንጸባረቐሉን እዩ ነይሩ። ዋላ'ኳ ደንደን ብምሉእ ሓይላ ከተጥቅዕ እንተፈተነት፡ ንሓደገኛታት መልሰ መጥቃዕቲ መረብ ስቲት ግን ኣብ ግምት ዘእተወት ትመስል ኣይነበረትን። ደንደን መረሕኦት ክትሕዝሉ ዝኽእላ ዕድላት ከተጥፍአን ከላ፡ በንጻሩ መረብ ስቲት ግን ንዝረኸበተን ዕድላት ናብ ረብሓኣ ክትቅይረን ኣይተጸገመትን። መረብ ስቲት እያ ከኣ ቀዲማ ኣብ መበል 65 ደቒቕ ካብ ዳኒኤል መሓሪ ሸቶ ረኺባ። ጸወታ ብርሱት ኣብ ዝቐጸለሉ፡ መሓሪ መብራህቱ ካብ ማእከል ሜዳ ኩዕሶ ሒዙዋ ንዝሃበ ዳኒኤል መሓሪ ንዕኡን ንጋንታኡን

ካልኣይቲ ናብ ዝኾነት ሸቶ ቀይሩዋ። ኣብዚ ህሞት፡ ተጻወትቲ ደንደን ክፈዙ እየም ተራእዮም። ጸወታ ክዛዘም መንእሰር ጠሃሩር ሸቶ ብምምዝጋቡ ከኣ መረብ ስቲት ድሙቕ ናይ 3ብ0 ዓወት ከተመዝግብ በቒዓ ኣላ። በዚ ኸኣ ናይ ምድብ 'ለ' ዝበራ ጋንታታት መረብ ስቲትን ቴራቮሎን ናብ ፍጻመ ክሰግራ ክኢለን ኣለዋ።

ኣሰልጣኒ ክለብ መረብ ስቲት መምህር ዳዊት ወልዱ ድሕሪ'ቲ ግጥም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ጸወታ ኣዝዩ ከቢድ እዩ ነይሩ። ኣብ ቀዳሞት 45 ደቓይቕ ጥንቁቕ ጸወታ ብምኽያድ ድሕሪ ዕረፍቲ ዝያዳ ዕድላትና ክንጥቀመሉ ኢና መዲብና ነይርና። ከምቲ ዝሓሰብናዮ ከኣ 3ብ0 ተዓዊትና" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ፍጻመ ንቴራቮሎ ረቲዖም ዘውዲ ሻምፕዮን ንኽደፍኡ ኣብ ጽቡቕ ቅመና ከም ዘለዉ ገሊጹ።

ኣሰልጣኒ ቴራቮሎ ፊሊሞን ንጉሰ ብወገኑ፡ "ናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ብምንባሩ ጽቕጢ ነይሩና እዩ። ማይተመናይ'ውን ሓያል ተወዳዳርነት ኣርእያ እያ። ዝሓሸ ብልጫ ስለ ዝበረና ግን ተዓዊትና ወጺእና" ኢሉ። ንሱ ብዘይካ'ዚ፡ "ከምቲ ክይተሰዓርና ንፍጻመ ዝበጻሕና፡ ሕጂ'ውን ክይተሰዓርና ዋንጫ ክንዓትር ኢና" ክብል ተዛሪቡ ኣሎ።



## ዘዋሪት ዋንጫ ባይታ ቴኒስ ተዛዚሙ



ልዕሊ ኣርባዕተ ሰሙንታት ኣቚጺሩ ዘሎ ዘዋሪት ዋንጫ ባይታ ቴኒስ ዞባ ማእከል ንምዕታር ዝተካየደ ዘሎ ውድድር፡ ዝሓለፈ ቀዳምን ሰንበትን ኣብ ሜዳታት ቤት-ገርግሽን ደምባዙሰምባልን ናይ ፍጻመ ጸወታኡ ኣሰላሲሉ ነይሩ።

ኣብ ትሕቲ 10 ዓመት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ፍጻመ ጸወታ፡ ቅሳነት ተኸለሃይማኖትን ከንኣን መሴን እየን ተራኺበን። ኣብ ቀዳመይቲ ጸወታ፡ ከንኣን መሴ 15-3 ክትዕወት ከላ፡ ኣብ ካልኣይቲ ጸወታ ከኣ ቅሳነት ተኸለሃይማኖት እያ 15-12 ተዓዊታ። ዕወትቲ ንምፍላይ ኣብ ዝተኻየደ ሳልሳይ ጸወታ፡ ቅሳነት ተኸለሃይማኖት (ቤ/ገ) 15-3 ብምስዓር ዕወትቲ ናይቲ ውድድር ኮይና።

ኣብ ናይ ትሕቲ 12 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ ጸወታ፡ ኬብሮን ተሸመን ኬቨን ዑቕባይን (ክልቲኦም ካብ ቤ/ገ) እዮም ንፍጻመ በጺሖም። ኬብሮም ተሸመ ድማ 7-1 ተዓዊቱ። ኣብ ናይ ትሕቲ 14 ዓመት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጸወታ፡ ሻሎም ኣማኒ (ደ/ሰ) ንኣብጋይል ሚካኤለ (ቤ/ገ) 9-1 ክትረትዓ ከላ፡ ምስጋና ተስፉገርግሽ (ቤ/ገ) ድማ ንሮዳ እንድርያስ (ደ/ሰ) ስዒራ ሳልሳይ ተርታ ሒዛ።

ኣብ ናይ ትሕቲ 16 ዓመት ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጸወታ፡ ናትናኤል ታደሰ (ቤ/ገ) ንየማነ ዓወት (ቤ/ገ) ኣብ ቀዳመይቲ ሴት 6-2 ኣብ ካልኣይቲ ሴት ከኣ ደጊሙ 6-2 ብምስዓር ብድምር 2-0 ስዒርዎ። ኣብ ተመሳሳሊ ክሊ ዕድመ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ፍጻመ ጸወታ፡ ሳሮን ልኡል (ደ/ሰ) ንሜላ ሲና (ደ/ሰ) ብፎርፌ ( 6-0) (6-0) ብድምር 2-0 ረቲዓታ ኣላ።

ኣብ ናይ ትሕቲ 18 ዓመት ናይ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ፍጻመ ጸወታ፡ ሚሮን ደበሳይ (ደ/ሰ) ንኤሰርም ክንፈ (ደ/ሰ) ኣብ ቀዳመይቲ ሴት 6-3 ኣብ ካልኣይቲ ሴት 6-2 ብምርታዕ ዕወት ኮይኑ ከሎ፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 19-35 ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ደረጃ ጸወታ ከኣ ሳሮን ፍስሃየ (ቤ/ገ) ንሊሊያ የውሃንስ (ቤ/ገ) ብፎርፌ (6-0) (6-0) ስዒራታ ኣላ።

ኣብ ክሊ ዕድመ 36-60 ደቂ ተባዕትዮ ናይ ጆርጊ ጸወታ ካብ ዘካየዱ፡ ኣቶ ኣታኽልቲ ገብሩ (ቤ/ገ) ንኣቶ ኣብርሃም ደስታ (ቤ/ገ) ብፎርፌ (6=0) ( 6=0) ክረትዖ ከሎ፡ ኣቶ በረኸት መለስ (ቤ/ገ) ከኣ ንኣቶ ኣብርሃም ደስታ (ቤ/ገ) ብሰንኪ ናይ እግሪ ማህረምቲ ብዘመሳሰሊ መንገዲ ስዒርዎ ኣሎ። እዚ ውድድር ዝመጸኦ ሰሙን ኣብ ክለብ ደምባ ሰምባል ወግዓዊ ናይ መዕጸዊ ስነስርዓት ከም ዝግበረሉ ዝጽሓፍና ሓብሬታ የረድእ።

## ውድድር ማውንተይን ባይክ ተኻይዱ

ብጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝተወደበ ውድድር ሻምፕዮን ማውንተይን ባይክ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብቐዳማይ ትማሊ ሰንበት 29 ጥሪ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ ብናይ በረኻ ውድድር ከም ዝፈለመ ካብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝጽሓፍና ሓበሬታ ኣረድኡ።

ኣብ ፈለማ ናይቲ ውድድር፡ ተቐዳደምቲ ደቂ ተባዕትዮ እዮም 44 ኪሎ ሜተር ንምሽፋን ብዝሓለፈ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሌተናል ኮሎኔል ሳሙኤል ጸጋይ ተመሪቖም ዝዘበሱ።

እዞም ተቐዳደምቲ ካብ ኤክስፖ ተበጊሶም ብማስመር ባር ጆሞ ህንጻ ናቕፋ ሃውስ ባሕቲ ማስከረም፡ ቤት ትምህርቲ ኣዱሊስ ሰቦር ጉማ ፋብሪካ ኮካ ኮላ ዓዲ ኣብይቶ፡ እምባ ደርሆ ብምሕላፍ ኣብ ሰዓት 353 ኪሎ ሜተር እናረገጹ እዮም ወኪ ብምብጻሕ ንጥፈታቶም ዛዚሞም። ዋላ'ኳ ኩሎም ተቐዳደምቲ ክሳብ 30 ኪሎ ሜተር ብሓባር'ኳ እንተተጓዕዙ፡ ኣብተን ዝተረፋ 14 ኪሎ ሜተር ግን ኣብቲ ዕለት ዝነኣድ ብቕዓት ከርኢ ዝወዓለ ተቐዳዳማይ ኤሽን ዳንኤል ካብ ቤት ትምህርቲ እምባዕራ፡ ንዓባይ ጉጅለ ራሕሪሑ ብዘይ ተቓጻጺ እዩ ቀዳማይ ተዓዊቱ።

ዓባይ ጉጅለ ብጽኩብ ኣብ ዝበረቶ ቅጽበታዊ ውድድር ድማ፡ ካልኣይ ሰም ሃይለኣብ - ሰማበል፡ ሳልሳይ የናታን ተኽለሃይማኖት - ኢብራሂም ሱልጣን፡ ራብዓይ ማቲዎስ በርሀ - ርእሲ ዓዲ፡ ሓምሻይ ሚኪኤል ወልደጋብር - ሓለይ፡ ሻድሻይ ዘርኣሰናይ ካሕሳይ - ኢሳቕ ተወልደ መድህን፡ ሻውዓይ ኣቤል ሳሙኤል - ቀይሕ ባሕሪ፡ ሻሙናይ ኤርሚያስ ዕቑባይ - ሰማእታት፡ ታሽዓይ የማነ ጠዓመ - ኢብራሂም ሱልጣን፡ ዓስራይ ኤሰርም ዩውሃንስ ካብ ሓለይ ብምዃን ውድድሮም ዛዚሞም።

ኣመሓዳሪ ወኪ ኣቶ ጊላይ ተስፉማርያም ዝርከቦም ህዝቢ ወኪ፡ ፖሊስ ዞባ ማእከል፡ ፖሊስ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ወኪ ከምኡ'ውን ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ነቶም ተካኢቲ ተቐዳደምቲ ዕውት ውድድር ንኸካይዱ ዝገበርዎ ኣበርክቶ ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ኣይግባእን።



# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ፓኪስታን - ኣብ መስጊድ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ብዙሓት ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ፓኪስታን ኣብ እትርከብ ከተማ ፔሻዋር፡ ኣብ ሓደ መስጊድ ብዝተፈጸመ ናይ ቦምባ መጥቃዕቲ፡ ብውሑዱ 32 ሰባት ከምዝተቐትሉን ካልኦት ከባቢ 150 ከምዝቖሰሉን ተገሊጹ።

እቲ ርእሰ-ቅትለታዊ ክኸውን ከምዝኽእል ዝተጠርጠረ መጥቃዕቲ፡ ትማሊ ሰኑይ ብዙሓት ምእመናን ንጸሎት ኣብ ዝተኣከቡሉ ሰዓት ከምዝተፈጸመ ዝሓበረ ፖሊስ ፓኪስታን፡ ዛጊት ሓላፍነት ዝወሰደሉ ዝኾነ ጉጅለ ከምዘየለ ኣመልኪቱ።



ቡቲ መጥቃዕቲ ገለ ክፋል ናይቲ መስጊድ ከምዝፈረሰ፡ ሓያሎ ምእመናን ድማ ኣብ ትሕቲ ፍርስራስ ተጸቒጦም ከምዘለዉን እውን ፖሊስ ፓኪስታን ወሲኹ ሓቢሩ።

ሰቡመዚ ጥዕና ናይ'ታ ሃገር ብወገኖም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ብዙሓት ካብ'ቶም ኣብ ሕክምና ተዓቚቦም ዘለዉ ቁሱላት ኣዝዮም ህሉያት ብምዃኖም፡ ቁጽሪ ምውታት ክውስኽ ትጽቢት ከምዘሎ ገሊጾም።

ነቲ መጥቃዕቲ ብትሪ ዝኾነነ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይ'ታ ሃገር ሻህባዝ ሸሪፍ፡ ኣብ ልዕሊ ፈጸምቲ ናይቲ መጥቃዕቲ ዝኾኑ ወገናት ዘድንሕ ስጉምቲ ክውሰድ ምዃኑ ቃል ከምዝኣተወ፡ መርከብ ሓበሬታ ኣል-ጀዚራ ጠቒሱ።

## ኢራን፡ “መጥቃዕቲ ድሮን ኣፍሺለ” ትብል

መንግስቲ ኢራን፡ ኣብ ሓደ ወተሃደራዊ መሳለጥያ ናይታ ሃገር ክፍጸም ዝተፈተነ ናይ ድሮን መጥቃዕቲ ከምዘፍሸለ ኣፍሊጡ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይ'ታ ሃገር ኣብ ዘርግሖ ሓበሬታ፡ ነቲ ኣብ ከተማ ኢስፋሃን ዝርከብ ወተሃደራዊ መሳለጥያ ንምጥቃዕ ቦምባታት ዝጸዓና ሰለስተ ድሮን ብዋዜ ለይቲ ከምዝመጻኣ ድሕሪ ምጥቃዕ እታ ሓንቲ ብጸረ-ነፈርቲ ተወቒዓ ክትወድቕ እንከላ፡ እተን ዝተረፋ ክልተ ድማ ብፍሉይ ናይ መቆጻጸሪ መሳርሒ ናብ መሬት ከምዝወረደ ድሕሪ ምግባር ክተሓዛ ከምዝኸኣላ ገሊጹ።

ኣብ ልዕሊ'ቲ ዒላማ ገይረንኦ ዝነበራ ወተሃደራዊ ህንጻ መጠነ ንእሽቶ ዕንወት ከምዝወረዶ'ውን እቲ ሚኒስትሪ ኣብ ሓበሬታኡ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

እተን ድሮናት ካበይ ከምዝተበገሳን መን ከምዘለኣኸን ዛጊት ክፍለጥ ኣይከኣለን ዘሎ - ብመሰረት መግለጺ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኢራን።

እንተኾነ፡ ሓያለ ወገናት ናይ'ታ ሃገር፡ እቲ ዝፈሸለ መጥቃዕቲ ብእስራኤል ወይ ብኣመሪካ ዝተሃንደሰ ክኸውን ከምዝኽእል ይገልጹ ኣለዉ።

ኣፈኛ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ (ፔንታጎን) - ብርጌደር ጀነራል ፓትሪክ ሪይደር ኣብ ዝሃቦ ምላሽ ግን፡ ኣመሪካ ኣብቲ መጥቃዕቲ ዝኾነ ኢድ ከምዘይብላ ኣረጋጊጹ።



ኢራን 'መጥቃዕቲ ድሮን ኣፍሺለ' ትበል ዘላ፡ እታ ሃገር ንኑክሌሳዊ መደብታ ትቕጽሎ ንሩሲያ ወተሃደራዊ ደገፍ ትገብረላን ምህላዋ ብሃገራት ምዕራብ ኣብ እትኽሰሰሉ ዘላ እዋን'ዩ።

ነቲ ፍጻመ ኣመልኪቱ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ናይ'ታ ሃገር - ሑሴን ኣሚር-ዓብዶላሂያን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ “ናይ በጃጋዎት” ዝበሎ መጥቃዕቲ፡ ዋና ዕላማኡ ንኢራን ኣብ ዓሚቕ ዘይምርግጋእ ንምሽማም ከምዝነበረ ገሊጹ።

እቲ ጉዳይ፡ ኢራን ነቲ ኣብ ሰላማዊ መዓላ ጥራይ ዝተኮረ ኑክሌሳዊ መደብታ ብዙሓለየ መልክዑ ካብ ምቕጻል ከምዘይዓግታ ድማ፡ እቲ ብዓል-ስልጣን ወሲኹ ሓቢሩ።

ሰብ-ስልጣን ኢራን፡ እቲ ክድነበዱብ ዝተፈተነ ወተሃደራዊ መሳለጥያ ብልክዕ እንታይ ንጥፈታት ከምዝካየደሉ'ኳ እንተዘይገለጹ፡ ወኪል ኣገልግሎት ዜና ናይ'ታ ሃገር (IRNA) ኣብ ዘርግሖ ሓበሬታ ግን፡ እቲ ህንጻ ተተኩሰቲ ኣጽዋር ዝፈርያሉ ዓቢ ፋብሪካ ምዃኑ ጸብጺቡ።

## “ኣብ 2025፡ ኣመሪካ ምስ ቻይና ናብ ኲናት ክትኣቱ ትኽእል'ያ” ኣመሪካዊ ጀነራል

ሓደ ካብ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ኣመሪካ ምዃኑ ዝነገረሉ ሜ/ጀነራል ሚካኤል ኤ.ሚኒሀን፡ ድሕሪ ክልተ ዓመት ማለት ኣብ 2025፡ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ቻይናን ብምኽንያት ታይዋን ኣዕናዊ ኲናት ክውላዕ ከምዝኽእል ኣጠንቂቑ።

እቲ ኣብ ሰራዊት-ኣየር ዋና ኣዛዚ 'እዚ ተንቀሳቓሲ ሓይሊ-ኣየር ኣመሪካ' ዝኾነ ጀነራል፡ ናብ'ቶም ንሱ ዝእዝዞም ኣሽሓት ወተሃደራት ኣብ ዝለኣኾ ናይ ጽሑፍ መግለጺ፡ “ኣብ 2025 ምስ ቻይና ናብ ናይ ጥፍኣት ኲናት ክንኣቱ ምዃንና ደመ-ነፍሰይ ሃሪሩኒ ኣሎ። ትጽቢተይ ጌጋ ክኸውን ድማ ተስፋ እገብር” ክብል ኣሰንዩ ሓበሬታ ሂቡዎም።

ንሱ ኣብ ጽሑፉ፡ ነቲ ኣብ ጥቅምቲ 2022 ንሳልሳይ እብረ ንቻይና ክመርሕ ዝተመርጸ ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ፡ ኣብ 2024 ኣብ ደሴት ታይዋንን ሕ.መ.ኣመሪካን ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫታት፡ ምስ ኣመሪካ ናብ ኲናት ንምእታው ምቹእ ዕድልን ምኽንያትን ክህቦ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ብፍላይ እቲ ድሕሪ ዓመት ኣብ ኣመሪካ ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ 'ዘንግዐቲ ወይ ህምልቲ ኣመሪካ' ክፈጥር ምዃኑ፡ እዚ ድማ ቻይና ንኲናት ንኽትድሎ ዝበለጸ ዕድል ከምዝፈጥረላ እቲ ጀነራል ወሲኹ ኣረዲኡ።

ቻይና ንታይዋን ብሓይሊ ክትጉብጣ እንተፈቲና፡ ኣመሪካ ንኽትከላኸለላ ኢላ ምስ ቻይና ናብ ኲናት ክትኣቱ ከምእትኽእል'ውን እቲ ጀነራል ኣብ ጽሑፉ ጠቒሱ ኣሎ።



እንተኾነ፡ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ እቲ ሜ/ጀነራል ሚካኤል ሚኒሀን ዝሃቦ ርእይቶ፡ ኣመሪካ ኣብ ጉዳይ ቻይና ንእትኽተሎ ፖሊሲ ዘንጸባርቕ ከምዘይኮነ ሓቢሩ።

ጸሓፊ ናይቲ ክፍሊ - ኣንቶኒ ብሊንከን እውን ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ናብ ቤጂንን ከምርሕ ምዃኑ ወሲኹ ገሊጹ።

እዚ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ኮንግረስ ሓደ ካብ ላዕለዎት ኣባላት ሰልፊ ሪፓብሊካውያን ዝኾኑ ሚካኤል ምክውል ብሰንበት 29 ጥሪ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ ኣብ 2025 ኣብ መንጎ ክልቲአን ሓያላን ሃገራት ኲናት ክውላዕ ዘሎ ተኽእሎ እምብዛ ልዑል ምዃኑ ብምግላጽ'ዩ ነቲ ብሜ/ጀነራል ሚካኤል ሚኒሀን ዝተዋህበ መጠንቀቕታ ከራጉዶ ተሰሚዑ።

ኣፈ-ጉባኤ ባይቶ ኣመሪካ (ኮንግረስ) ዝነበረት ናንሲ ፔሎሲ፡ ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ናብ ታይዋን ድሕሪ ምብጻሓ፡ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ቻይናን ዘጽንሐ ወጥሪ ናብ ዝለዓለ ደረጃኡ ክዓርግ ከምዝኸኣለ'ዩ ዝንገር።

ተንቀሳቓሲ ሓይሊ-ኣየር ኣመሪካ ኣብ ሰራዊት ባሕሪ (AMC)፡ ኣስታት 50 ሽሕ ወተሃደራትን ናብ 500 ዝጽግዑ ነፈርቲ-ውግእን ዝሓቘፈ 'እዩ' ምዃኑ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ቱርኪ፡ ፊንላንድ ምስ ኔቶ ክትጽንበር ደጊፋ



ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይፕ ኤርዶጋን፡ ሃገሩ ነቲ ፊንላንድ ምስ ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ንምጽንባር ኣቕሪባቶ ዘላ ሕቶ ክትቅበሎ (ክትድግፎ) ከምእትኽእል ኣፍሊጡ።

እቲ ፕረዚደንት እዚ ዝገለጸ ዘሎ፡ ቱርኪ ብጉዳይ ሕቶ ኣባልነት ኔቶ ምስ ፊንላንድን ሽወደንን ከተካይዶ መዲባቶ ዝነበረት ዝርርብ ከምዝተወንዘፈ ድሕሪ ምግላጽ ድሕሪ ሐደት መዓልታት እዩ።

እታ ሃገር ነቲ ናይ ዝርርብ መደብ ከተወንዝፎ ዝኸኣለት፡ ኣብ ኣፍ-ደገ'ቲ ኣብ ስቶክሆልም - ርእሰ-ከተማ ሽወደን ዝርከብ ኤምባሲኣ፡ ሓደ ሕሉፍ ዴንማርካዊ-ሽወደናዊ ፖለቲከኛ ንቅዱስ ቁርኣን ብሓዊ ናይ ምቕጻል ተግባር ድሕሪ ምፍጻሙ እዩ።

ፕረዚደንት ኤርዶጋን ኣብቲ ዝሓለፈ ሰንበት ብቴለቪዥን ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ “ንፊንላንድ ሓደ ባህ ዘብል መልእኽቲ ክንልእኽላ ንኽእል ኢና። ሽወደን ግን ነቲ ንዓኣ ኢልና ኣዳሊናዮ ዘለና መልእኽቲ እንተርኢያቶ እምብዛ ክትሰንብድ እያ” ክብል ገሊጹ።

እዚ ማለት ድማ፡ ቱርኪ ኣብ ሕቶ ፊንላድ ዝኾነ ተቓውሞ ከምዘይብላ፡ ንሕቶ ሽወደን ግን ፈጺማ ከምዘይትቕበሎ ዘመልክት ምዃኑ፡ ማዕከናት ዜና ናይ'ታ ሃገር ይሕብራ ኣለዋ።

ከምዝፍለጥ፡ ሽወደንን ፊንላንድን፡ ሩሲያ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዩክሬን 'ፍሉይ ወተሃደራዊ ስርሒት' ዝበሎ ወተሃደራዊ ወፍሪ ድሕሪ ምጅማራ እየን ምስቲ ወተሃደራዊ ኪዳን ናይ ምጽንባር ሕቶ ኣቕሪበን።

ኣባላት ኔቶ ክኾና እንተድኣ ኮይነን ድማ፡ ሕቶአን ብሙሉእ-ወከፍ ኣባል ናይቲ ን30 ሃገራት ዝሓቖፈ ኪዳን ተቐባልነት ክረኽብ ኣለዎ - ብመሰረት ጸብጻባት።

## ሶማል - ላዕለዎት ኣዘዝቲ ኣል-ሸባብ ተቐቲሎም

ሓይልታት መንግስቲ ሶማል፡ ምስ 'ኣህጉራውያን መሻርኽቲ' ዝበልዎም ወገናት ኮይኖም ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብታ ሃገር ዝንቀሳቐሱ ግብረ-ሽበራውያን ዕጡቓት ኣል-ሸባብ ብዘካየድዎ ናይ ሓባር ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ዝርከብዎም 136 ዕጡቓት ከምዝቐተሉ ኣፍሊጦም።

መንግስቲ ሶማል ኣብ ልዕሊ ኣል-ሽባብ ድሙቕ ወተሃደራዊ ዓወት ከምዝመዝገበ ዝገለጸ ዘሎ፡ እቶም ዕጡቓት ንመጥቃዕቲ ሓይልታት ሶማል ክጸወሩዎ ብዘይምኽኣሎም፡ ካብቲ ተቖጻጺሮሞ ዝጸንሑ ሰፊሕ ክፋል ናይ'ታ ሃገር ተደፊኦም ኣብ ዝወጽእሉ ዘለዉ እዋን'ዩ።

ኣመሪካ እውን ቅድሚ ሰለስተ መዓልቲ ኣብታ ሃገር ብዘካየደቶ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ንሓደ ላዕለዋይ ኣባል ዳዕሽ ከምዝቐተለት ኣፍሊጣ ነይራ።

እቲ ቢላል ኣል-ሱዳኒ ዝተባህለ ላዕለዋይ ኣባል ዳዕሽ፡ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ካብቲ ምስ ኣል-ቃዒዳ ምትእስሳር ዘለዎ ኣል-ሽባብ ብምፍንጃል፡ ኣብ ሞዛምቢክ፡ ምብራቓዊ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎን ካልኦት ሃገራትን ህላወ ዳዕሽ ንምዕባይ ዓቢ ተራ ከምዝተጻወተ እዩ ዝንገረሉ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ራህዋ | 31/1/2023 | ጎደናሃገር ቁ.20፡ ፊት መስጊድ ገዛ ባንዳ ጥልያን | 118802 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services